

# ናይ ስደተኛ ናይ ፍርዲ ቤት ምስማዕ ምድላው፡

## መምርሒ ንጠራዕቲ ስደተኛታት

ኤድመንተን አልበርታ

*Tigrigna*

ናይዚ መምርሒ ነናይ ግዚኡ ምምሕያሽ ናብዚ መርበብ ጠውቕ www.kinbrace.ca/rhp-guide/updates

# ናይቲ መምርሒ ትሕዝቶ፡


## ናይ ስደተኛ ዑቅባ ምሕታት/ምጥራዕ፡ 2–15

ናይ ስደተኛ ከለላ/ድሕንነት ብሓጺሩ ክርኣ — 2

ናይ ጊዜ ወሰንን ኣድለይቲ ዕለታትን — 5

ናይ ሕጊ ምኽሪ/ሓገዝ ብዛዕባ ምርካብ — 8

ናይ ዑቅባ መሰረተ ጥርዒ ቅጥዒ (BOC) ብዛዕባ ምምላእ — 10

ናይ ዑቅባ መሰረተ ጥርዒ ቅጥዒ (BOC) መሊእካ ብዛዕባ ምርካብ — 13

## ንፍርድ ቤት ምስማዕ ቆጸራ ብዛዕባ ምድላው 16–31

ብዛ’ዕባ ምእካብ ኣድለይቲ መረጋገጺ — 16

ምእካብ መረጋገጺ ብሕጊ ክግለጽ/ክትርጎም ከሎ — 19

ምእካብ መረጋገጽን ሕጋዊ ኩነትን — 22

ብዛዕባ መረጋገጺኻ ምርካብ — 28

ስምዐ ቆጸራኻ ስጋብ ዝበጽሕ ብጥዕና ምጽባይ — 30

## መዓለቲ ምስማዕ ፍርድ ቤትካ 32–37

መዓልቲ ምስማዕ ፍርድ ቤትካ — 32

ናይ ምስማዕ ምድላው ትሕዝቶ — 36

## ድሕሪ ናይ ምስማዕ ፍርድ ቤት 38–39

## ትርጓመታት፡ 40–41

## ናይ መንግስቲ ተቋማት 42–43

## ፍልፍል/ ናይ ሓበሬታ ምንጪ 44

እንተደአ ካብ ዓድኻ ዝሃደምካሉ ምኽንያት ናይ ካናዳ ስደተኛታት መዕቀቢ ሕጊ ዘማልእ ኮይኑ ካናዳ ናይ ስደተኛ መዕቅብ ጽላል ክትህበካ ትኽእል እያ።

እዚ መምርሒ እዚ ነዚ ንኽትርዳእ ክሕግዘካ እዩ።

- ከመይ ጌርካ ናይ ስደተኛ ዑቅባ ከምትሓትት፡
- ናይ ስደተኛ ዑቑባ ሕጋዊ ትርጉም
- ናይ መወዳእታ ናይ ፍርድ ቤት ምስማዕ ምድላው
- ንናይ ፈለስትን ስደተኛታትን ቦርድ ክትህቦ ዝግበአካ ናይ መረጋገጺ ዓይነት
- ንናይ ፍርድ ቤት ምስማዕ ብኸመይ ከምትዳሎ
- ንናይ ፍርድ ቤት ምስማዕ አድለይቲ ዝኾኑ ፍልፍል አበይ ከምትረክብ
- አብ ፍርድ ቤት ምስማዕ እንታይ ከም ዘጋጥመካ

---

# አድለይቲ ዝኾኑ ናይ መጀመርያ ስጉምትታት፡



## ቀልጢፍካ ናይ ሕጊ ሓገዝ ክትረክብ አሎካ!

ብዝተኻለ መጠን ንፉዕ ጠበቃ (ናይ ሕጊ አማኻሪ) አብ ናይ ስደተኛ ዑቁባ መሕተትካ ክሕግዘካ ዝኽእል ክትረክብ ፈትን።

እንትድአ እቶትካ ውሑድ ኮይኑም ንናይ ጠበቃ ዋጋ ክትከፍል እንተዘይከአልካ ናብ ናይ አልበርታ ናይ ሕጊ ሓገዝ ወይ

ብተሌፎን ወይ ካይ አብ ቤት ጽሕፈቶም ብምኻድ (ገጽ 9 ተመልከት) አመልክት።



## ካብ ሕጂ ጀሚርካ ምድላው ጀምር!

ጉዳይካ ምእንቲ ተቀባልነት ክረክብ ታሪኽካ አብ ሓቅነት ዝተመርኮዘ ከምዝኾነ ንምርዳእ አድለይቲ ናይ ጽሑፍ መረጋገጺታት ምእካብ ጀምር። ዘለዉኻ ናይ ጽሑፍ መረጋገጺታት ናብ ናይ እንግሊዝ ወይ ከአ ፈረንሳ ቋንቋ አተርጉሞም።

---

### አብዚ ዝርከቡ ናይ ሐጺር ጽሑፋት

**BOC:** ቅጥዒ መሰረተ ጥርዓን

**CBSA:** ናይ ካናዳ ናይ ወሰን ሓለዋ ኣግልግሎት ወኪል

**CIC:** ናይ ካናዳ ናይ ዜግነትን ፍልሰትን

**DCO:** ብፍላይ ዝተለለዩ ናይ ትውልዲ ሃገራት (ትርጉም ርአ)

**DFN:** ብፍላይ ዝተለለዩ ናይ ወጻኢ ዜጋትት (ትርጉም ርአ)

**IRB-RAD:** ናይ ካናዳ ፍልሰትን ስደተኛታትን ቦርድ ናይ ስደተኛታት እግባይ ክፍሊ

**IRB-RPD:** ናይ ካናዳ ፍልሰትን ስደተኛታትን ቦርድ ናይ ስደተኛታት ሓለው ክፍሊ፣

**LAA:** ናይ ኣልበርታ ናይ ሕጊ ሓገዝቲ

**NDP:** ናይ ሃገራት ሓፈሻዊ ኩነት መዝገብ

**UNHCR:** ናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛታት ላዕለዋይ ኮሚሽን

# ናይ ስደተኛ ዑቕባ ኣፈሻዊ ኣረኣእያ



ኣብ ዘፍርሕ ኩነታት ኔርካ ክትከውን ትኽእል፤ ወይ ከኣ ኣብ ትውልዲ ቦታኻ ብርቱዕ ዝኾነ ናይ ፍትሒ ጉድለት ብኢሑካ ክኸውን ይኽእል። ወይ ከኣ ንሂወትካ ሓደገኛ ስለዝኾነ፤ ወይ ካኣ ስራሕ ክትረክብ ስለዘይካኣልካ፤ ናብ ትውልዲ ቦታኻ ንኸይትምለስ ይሽግረካ ይኸውን። በዚኣቶም ምኽንያት ግን ጉዳይካ ወይ ጥርዓንካ ብቑጥታ ናይ ስደተኛ ከለላ/ዑቑባ ተቐባልነት ከርክበልካ እዩ ማለት ኣይኮነን።

ናይ ስደተኛ ከለላ/ዑቑባ ንምርካብ ሕጋዊ ትርጉም ናይ "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ከተማልእ ኣለካ ወይ ከኣ "ከለላ/ዑቑባ ዘድልየካ ሰብ" ክትከውን ኣሎካ። ኣብዚ መምርሒ እዚ ብዛዕባ ሕጋዊ ትርጉም ተወሳኺ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። ታሪኽካ እውን ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ ክምዝኾነ ከተርኢ ኣሎካ። እዚ ኸኣ ኣድላይ ዝኾነ መግለጽታት ብምእካብ ብንጹርን ዝርዝርን ዘጋጠመካ ኩነታት ብምግላጽ ተቐርብ።

ናይ ካናዳ ናይ ፍለሰትን ስደታኛታትን ቦርድ ናይ ስደተኛታት ክፍሊ ሓለዋ (IRB-RPD) ንዑቑባ ትበቅዕ እንትኾንካ ክውስን እዩ።

---

**!** ኣብ ካናዳ፣ ንናይ ስደተኛ ዑቑባ ምስ ኣመልከትካ/ሓተትካ " ናይ ስደተኛ ጥርዓን/ውከሳ" ሕቶኻ ተሰማዕነት ክረክብ ናይ "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ወይ ከኣ "ዑቑባ ዘድልዮ ሰብ" ሙኳንካ ከተመልክት ኣሎካ። ሕጋዊ ትርጉም ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ቃላት ኣብ ክፍሊ 96ን 97 ኣብ ናይ ካናዳ ፍልሰትን ስደተኛታትን ሓለዋ ኣንቅጽ *(ገጽ 20–21 ናይዚ መምርሒ እዚ ርአ)* ይርከብ።

---

ናይ ስደተኛ ዑቑባ ሕቶኻ ኣብ ዘሎኻሉ ናይ ፍርድ ቤት ምስማዕ ውዕሎ ክውስን እዩ። ናይ ፍርድ ቤት ምስማዕኻ ካብቲ ዘመልከትካሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ስጋብ 2 ወርሒ ዘሎ ግዚያት ክስማዕ እዩ። ኣብቲ ፍርዲ ቤት ምስ ቀረብካ እቲ ናይ IRB-RPD ወሳነ ውሃቢ (ዳኛ) እቲ ፍርዲ ከምዝስማዕ ይገብርሞ ናትካ ናይ ቃል ምስክርነትን፣ ናይ እተቕርቦም መሰኻኽርን፡ ከምኡውን እቲ መሰረተ ጥርዓንካ ወይ ናይ ወክሳ ሕቶ ዘቕረብካሉ ቅጥዒ (BOC) ከምኡውን ካልኦት ዘቕረብካዮም መረዳእታታት ወይ መግለጺታት ተምርሚሮም እዮም እቲ ናይ ስደተኛ ዑቑባ ዝግበኣካ እንተኾይኑ ዝውሰን።

***** ኣስተውዕል፡ ሓሓሊፉ IRB ጉዳይካ "ክቀላጠፍ" ምኳኑ ክሕብረካ ይኽእል እዩ። ዝለዚ ምዱብ ናይ ፍ/ቤት ምስማዕ ከይህሉ ይኽእል እዩ። ነዚ ናይ ምቅልጣፍ መስርሕ ብዝበለጸ ንምርዳእ ወይ ከአ እኹል ሓበሬታ ንምርካብ ገጽ 41 ተመልከት።

ፍርድኻ ኣብዝስመዓሉ ጊዜ ቆላሕታ ዝወሃቦም ናይ ጽሑፍ ትሕዝቶታት

- መሰረተ ጥርዓንካ ወይ ናይ ውከሳ ሕቶ ቅጥዕኻ (BOC)
- ኩሎም ኣብ ናይ ካናዳ ዜግነትን ፍልሰትን (CIC) ዝተመልኡ ቅጥዕታት
- ኩሎም ከም መግለጺ ዘቕረብካዮም ጽሑፋት
- ጽሑፋት ካብ CIC ካብ ናይ ካናዳ ወሰን ድሕንነት ሓላዊ ወኪልን (CBSA)
- ካብ IRB-RPD ከምኡውን ናይ ሃገራት ሓፈሻዊ ኩነት መዝገብ (NDP ገጽ *18* ረአ)
- እቲ ናይ ቪዛ ሕቶ ቅድሚ ናብ ካናዳ ዝመጸእካሉ ፈሪምካ ዘቕረብካሉ ጽሑፍ (ኣቕሪብካ እንተኼንካ)
- ፓስፖርትኻን ኣብኡ ዝተለጠፉ ስታምፕታትን ናይ ዓለም ለኻዊ ናይ ጉዕዞኻ ታሪኽ ዝሕብሩ

ክትፈልጦም ዝግበኣካ ሰለስተ ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ካናዳ ናይ ስደተኛታት ከለላ/ዑቑባ ወይ ሓለዋ ቀጥዒ፡

## 1 ናይ ካናዳ ናይ ስደተኛታት ከለላ ወይ ሓለዋ ቁልጡፍን ብግዜ ኣንጻር ጸቢብን እዩ፡

እዚ መምርሒ እዚ ተጠቒምካ እቲ ናይ ስደተኛ ከለላ/ሓለዋ ከይዲ ካብ ጊዜ ኣንጻር ምኣስ ክመዝጅመርን ዝጭርስን ክትርዳእ ፈትን

## 2 ኣብዚ ናይ ስደተኛታት ከለላ/ሓለዋ መስርሕ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ናይ መንግስቲ ተቋማት እዮም ዝሳተፉ፣

ነብሲ ወከፍ ተቋም ኣብ'ቲ ናይ ስደተኛ ከለላኻ መስርሕ ናቱ ናይ ስራሕ ክፋል ይጻወት፡ ኣድራሻኦም እውን ዝተፈላለየ እዩ፡ ስለዚ ኣድራሻ ናይ መንበሪ ወይ ስልኪ እንተለዊጥካ ንኹሉም በብኣድራሻኦም ዘለካ ሓድሽ ሓብሬታ ከተታሓላልፍ ይግባእ፣ *

**IRB-RPD**:
ናይ ካናዳ ናይ ፍልሰትን ስደተኛታትን ከለላ/ድሕንነት ክፋል፡

**CIC**:
ናይ ካናዳ ናይ ዜግነትን ፍልሰትን፡

**CBSA**:
ናይ ካናዳ ወሰን ሓለዋ ኣግልግሎት ወኪል፡

## 3 ካብ ብፍላይ ዝተለለዩ ናይ ትውልዲ ሃገራት (DCO) መጺእካ እንተኰንካ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ኣሳራርሓ ሕግን ቁልጡፍን ብናይ ሓጺር ጊዜን ናይ ከለላ ሕቶኻ ይስማዕ፡

ስለዚ ዝመጻእካሉ ሃገር ካብተን ብካናዳ መንግስቲ "ብፍላይ ዝተለለያ ናይ ትውልዲ ሃገራት" (DCO) ኢሉ ዘቐመጠን ዝርዝር ውሽጢ እንተኼንካ ኣቐዲምካ ምፍላጥ የድልየካ። ናብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ብምኻድ ፍለጥ፡ www.cic.gc.ca (dco ኢልካ ድለ) ዝርዝር ናይተን ወቕታዊ ሃገራት ክትርኢ፡


ብኻልእ ወገን ን CIC ወይከኣ CBSA ብዓል መዚ ካብ DCO እንተ'ኼንካ ክትሓትት ትኽእል፡

*ትርጉም ናይ DCO ንኽትፈልጥ ገጽ 40 ተመልከት፡*

---

** ኣድራሻን ካልእ ዝርዝር ሓበሬታን ገጽ 43 ትመልከት*

# ናይ ጊዜ ሰለዳን ኣድለይቲ ዕለታትን




ናይ ስደተኛ ከለላ ውክስናኻ/ጥርዓንካ ጊዜ ንውሓት ዝውሰን ኣብቲ ዘመልከትካሉ ኣካባቢ ምርኩስ ዝገበረ እዩ; ከምኡውን ካብ ብፍላይ ዝተለለያ ናይ ትውልዲ ሃገራት (DCO) ሓንቲ መጺእካ እንተኼንካ፣

ኣብዞም ዝስዕቡ ክልተ ገጻት ኣብዞም ፪ ናይ ጊዜ ሰሌዳታት ኣጸቢቕካ ትዓዘብ እቲ ንዓኻ ዝምልከተካ ናይ ጊዜ ሰሌዳ ምረጽ፣ ጥርሑም ዝኾኑ ምስሊ ሳጹናት ምስትርኢ ኣብኡ ኣድለይቲ ዕለታትካ ምልኣዮም

## ☐ ዘመልከትኩሉ ቦታ ኣብ ኤርፖርት ወይ ከኣ ኣብ ዶብ ሃገር እዩ።

**መዓልቲ 0**

- ናይ መጀመርያ ቃለ መሕተትካ ፈጽም
- ናይ መሰረተ ተጣረዐኻ (BOC) ቅጥዕኻ ተቐበል
- ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸራኻ ተቐበል

**መዓልቲ 10**

ናይ መጨረሽታ መዓልቲ ኣድላይቲ ኣድራሻታት ናይ ትቕመጠሉ ናይ ስልኪ/ፋክስ፣ ከምኡውን ኢመይል እንተለካ ወዘተ ንCBSAን ንIRB-RPDን እተረክበሉ (ትርጉም ናይ CBSAን ናይ IRB-RPDን ተመልከት)

**መዓልቲ 15**

ናይ መጨረሽታ መዓልቲ ናይ BOCካ ቅጥዒ ናብ IRB-RPD እተቕርበሉ
(ትርጉም ናይ BOC ን ናይ IRB-RPDን ተመልከት)

ናይ BOC ቅጥዒ ዘረቕርበሉ መዓልቲ

*እንተድኣ ኣብ ውሽጢ ካናዳ ኣሊኻ (ኣብ ዶብ/ቦርደር ዘይኮነ) እሞ ኸኣ ቅድሚ ናይ ስደተኛ ከለላ ውክስና ምግባርካ ተኣሲርካ እንተኰንካ ኩሎም ዘድሎዩኻ መግለጺታት ኣብታ ዝተኣሰርካላ መዓልቲ ወይ ብዙሕ ከይረሓቐ መሊእካ ክትጭርስ ኣለካ። እንተዘይ ኮን ካብ ጠብቓ ብዛዕባ እቶም ቅጥዕታት ኣመላልኦም ሓገዝ ንምርካብ ክሸግረካ እዩ። CBSA ክሉ ኣድላይ ቅጥዕታትን ምስ ኣተርጓሚ ከቕርበልካ እዩ።*

**10 መዓልቲ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸራኻ**

ናይ መጨረሽታ መዓልቲ ናይ መሰኻኽርካ ዝርዝርን ኣድለይቲ ናይ ጽሑፍ መዝገባትን ንIRB-RPD እተቕርበሉ

ናይ ጽሑፍ መዛግብቲ ዘረክበሉ መዓልቲ

**ብግምት ኣብ መበል 45 መዓልቲ፡**

ናይ ስደተኛ ከለላ ውክስናኻ ኣብ ፍርድ ቤት ክስማዕ እዩ፡ እንተድኣ ካብ (DCO) ሃግራት ኰንካ (ናይ DCO ትርጉም ርኣ)

ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ዝስመዓሉ

**ወይ ከኣ**

**ብግምት ኣብ መበል 60 መዓልቲ፡**

ናይ ስደተኛ ከለላ ውክስናኻ ኣብ ፍርድ ቤት ክስማዕ እዩ፡ እንተድኣ ካብ (DCO) ዘይኮንካ (ናይ DCO ትርጉም ርኣ)

ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ዝስመዓሉ

## ! ናይ BOC ቅጥዒ መሊእካ ናይ ምእታውን/ምርካብን ከምኡውን ናይ ፍርድቤት ቆጽራኻ ዝስመዓሉ መዓልትን ከይትርስዕ ክትጥንቀቕ ኣሎካ

እንተድኣ ረሲዕካ ናብ "ፍሉይ ዝኾነ ስምዐ ጉባኤ" ኣብ IRB-RPD ክትቀርብ ኢኻ ምናልባሽ ኣብዚ ጉባኤ እዚ ውክስናኻ/ጥርዓንካ ክግደፍ/ክርሳዕ ወይ ካኣ ክንጸግ ይኽእል እዩ፡ እንተድኣ ውክስናኻ ተነጺጉ ናብ ዝመጻእካሉ ዓዲ ክትስጎግ/ክትባረር ትኽእል ኢኻ፣ እዚ እንተኾይኑ ከኣ ንሓዋሩ እንደገና ኣብ ካናዳ ከተምልከት ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓደ ሓደ ጊዜ ከም ኣጋጣሚ ንRPD ኣእሚንካ ፋይልካ እንደገና ክኽፈት ይኽእል ይኸውን። ግን እዚ ንኽትገብር ብጣዕሚ በዳሂ እዩ። *(ሐበሬታ፡ ናብ ፍሉይ ጉባኤ ትቕርበሉ መዓሊት ምስቲ ናይ ቀደም ዝተውሃበካ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ መጸዋዕታ ከይጋጨወካ ምጥንቃቕ የድሊ)* ክልቲኦም ተማሳሰልቲ ስለዝኾኑ ከይጋጨዉኻ ተጠንቀቕ።

## ☐ ኣብ ውሽጢ ካናዳ ኣብ ናይ ካናዳ ዜግነትን ፈለስትን ክጠርዕ/ ኣመልኪተ እየ፡*

ቅድሚ ናብ ናይ ካናዳ ዜግነትን ፈለስትን ጽ/ቤት ምኻድካ፡

- ዘድለየካ ተመልክተሉ ቅጥዕታት ካብ መርበብ www.cic.gc.ca (make refugee claim ዝብል ድለ) ኣውጽእ፤
- ካብ 5 ስጋብ 7 ዝኾኑ ዝተፋላለዩ ቅጥዕታት፣ ከም ናይ ቤተሰብካ ብዝሓትን ጠብቓ ምርካብካን ዘይምርካብካን ዝውስንዎ ክትመልእ ኣሎካ። ናይ BOC ቅጥዕን ናይ CIC መመልከቲ ቅጥዕን ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ናይ ቤተሰብካ ክትመልእ ይግበኣካ።
- ናብ CIC ብምኻድ (ካብ ሰኑይ ስጋብ ዓርቢ ቅድሚ ሰዓት 10:00 ናይ ንጉሆ ይምረጽ) ኩሎም ዝመላእካዮም ቅጥዕታት ኣረክብ ናይ ቃለመሕተት ቆጸራኻ ተቐበል።

    Edmonton CIC Office: Canada Place
    9700 Jasper Avenue, Suite 240, Edmonton, AB
    ሰዓታት ካብ ሰኑይ ስጋብ ዓርቢ ካብ ንጉሆ 8:00–4:00 ናይ ኣጋ ምሸት

ንዝርዝር ናይ CIC ቢሮታት ናይ ስደተኛ ከለላ መሕተት ዱማንዳ ዝቕበሉ ንምርካብ ኣብ www.cic.gc.ca/english/information/offices/help.asp ኣብ ዝብል ብምብጻህ ድለ።

---

* ኣድላይ ሓበሬታ፡ እንተድኣ ናይ ስደተኛ ከለላ ናይ ጥርዓን ቅጥዕኻ ገና ዘየእተኻ ንናይ እድመንተን ናይ ሕጊ ሓግዝ ቤት ጽሕፈት ደዊልካ ናይ ሕጊ ሓግዝ ሕተት።

ጠበቓ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

- ንናይ መጀመርያ ቃለ መሕተትካ፡
- ዝተፈላለዩ ቅጥዕታት ብምምላእ
- ንናይ ስደተኛ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸርኻ ተዳሎ።

**መዓልቲ 0**

- ናይ መጀመርያ ቃለ መሕተትካ ፈጽም (ቅድሚ ቃለ መሕተት ምግባርካ ናይ BOC ን ናይ CIC ናይ ዱማንዳ ቅጥዕታት መሊ'እካ ን CIC ተረክብ
- እንተድኣ ናይ መጀመርያ ዱማንዳኻ ተቐባልነት ረኺቡ ዱማንዳኻ ዝስመዓሉ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራ ዕለት ይወሃበካ።

**10 መዓልቲ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸራኻ**

ናይ መጨረሽታ መዓልቲ ናይ መሰኻኸርካ ዝርዝርን ኣድለይቲ ናይ ጽሑፍ መዝገባትን ንIRB-RPD እተቕርበሉ

ናይ ጽሑፍ መዛግብቲ ዘረክበሉ መዓልቲ

**ብግምት ኣብ መበል 30 መዓልቲ፡**

ኣብ ፍርድ ቤት ጉዳይካ ዝስመዓሉ መዓልቲ (እንተድኣ ካብ DCO ሃገራት ኰንካ)

ኣብ ፍርድ ቤት ጉዳየይ ዝስመዓሉ መዓልቲ

**ወይ ከኣ**

**ብግምት ኣብ መበል 60 መዓልቲ፡**

ኣብ ፍርድ ቤት ጉዳይካ ዝስመዓሉ መዓልቲ (እንተድኣ ካብ DCO ሃገራይ ዘይኮንካ)

ኣብ ፍርድ ቤት ጉዳየይ ዝስመዓሉ መዓልቲ

---

*እንተድኣ ናይ BOC እተረክበሉ መዓልቲ ኣብ ቀዳምን ሰንበትን ወይ ካኣ ኣብ መዓልቲ በዓል ዝወዕል ኮይኑ ናብ ዝቕጽል መዓልቲ ስራሕ እዩ ዝሰጋገር። ንኣብነት እንተድኣ ቀዳም ጉንበት 7 ዓሰርተ መዓልቲ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ዝስመዓሉ ኮንይኑ ናይ መጨረሰሽታ መዓልቲ ናይ መዛግብትኻ እተረክበሉ ሰኑይ ጉንበት 9 እዩ ዝኸውን።*

*እንተድኣ CBSA ባዛዕባኻ ዝገብሮ ናይ ሓለዋ ክትትል/ምጽራይ ዘይተወድኣ ኮንይኑ ቆጸራ ናይ ፍርድኻ ክዱንጊ ይኽእል እዩ።*

# ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ምርካብ



ጠበቓ ክህልወካ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ። ናይ ስደተኛ ትርጉም ብጣዕሚ ሕልኽልኽ ዝበለ ትርጉሙ ኣሸጋሪ እዩ። ኣድላይ መረጋገጺታት ምእካብውን ቀሊል ኣይኮነን።

ጠበቓታት ትርጉም ናይ "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ወይ ከኣ "ናይ ከለላ ዘድልዮ ሰብ" እንታይ ምኹኣኑን ከምኡውን ንዓኻ ዝምልከተካ ክሕብሩኻ/ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም። ካብ ዝተፈላለዩ ልምድኻ ኣየኖት ኣብ BOC ቅጥዕኻ ከተእትዎም ዝግበኣካ ጠቕምቲ መረጋገጽቲ ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም። ንጉዳይካ ክሕግዘካ ዝኽእል እንታይ እንታይ ጠቐምቲ መረጋገጺ ክትእክብ ከምትኽእል ምኽሪ ይህቡኻ። ከምኡውን ኣብ ፍርድ ቤት ወኪሎም ጠጠው ክብሉልካ ይኽእሉ።

ስለዚ ቅድሚ ናይ ስደተኛ ከለላ ሕቶ ምእታውካ ጠበቓ ክትሕዝ ፈትን። እንተድኣ ቅድሚ ጠበቓ ምሓዝካ ጥርዓንካ ኣእቲኻ ኬንካ ብዝተኽኣለ መጠን ጠበቓ ክትረክብ ፈትን። ከም ኡውን ኣብ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራ መዓልትኻ ከምዝርከብ ርግጸኛ ኩን።

ንናይ ኣልበርታ ናይ ሕጊ ሓገዝ ጽ/ቤት ቀልጢፍካ ተራኸቦም፣ ናይ ጠበቃ ሓገዝ ክወሃበካ ሕቶ ኣቕርብ። እንተድኣ ንሓገዝ ዘይትበቅዕ ኬንካ ናብ ካልኦት ሓግዝቲ ክትምራሕ ትኽእል ኢኻ። ብኻልእ ወገን ጠበቓ ወይ ናይ ኢሚግሬሽን ኣማኻሪ ብገንዘብ ክትቆጽር ትኽእል ኢኻ።

እንተድኣ ክትቆጽር ኬንካ ናይ ኣልበርታ ናይ ጠባቓታት ማሕበር ኣባል ምኻና/ኑ ኣረጋግጽ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም www.lawsociety.ab.ca/extra/lawyer_directory.aspx ኣቲኻ ወይ ከኣ ብስልኪ ቁጽሪ 1-800-661-9003 ደዊልካ ከተረጋግጽ ትኽእል ኢኻ። እንተድኣ ናይ ኢሚግሬሽን ኣማኻሪ ቆጺርካ መንግስታዊ ፍቓድ ዘለዎን ናይ ካናዳ ናይ ኢሚግሬሽን ኣማኸርቲ መደበኛ ካውንስል ኣባል ምኻኑን ኣረጋግጽ። ( ናብዚ መርበበ እዚ ብምእታው www.iccrc-crcic.ca ዝርዝር ፍቓድ ናይ ዘሎዎም ኣማኸርቲ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ)

እንተድኣ ክሕግዘካ ዝኽእል ጠበቓ ክትረክብ ዘይክኣልካ ናይ BOC ቅጥዕኻ ብምምላእ ኣብ ፍርድ ቤት ባዕልኻ ክትውክል ትኽእል ኢኻ። ሓደ ትተኣማመነሉ ሰብ እውን ብነጻ ክሕግዘካ እንተኽኢሉ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ናይ ስደተኛታት ሰፈራ ወኪል ምስ ኣብ ኣካባቢ ዝርከቡ ማሕበረ ኮሚኒቲ ክራኽበካ ይኽእል እዩ።

---

**Legal Aid Alberta**
Revillon Building
300, 10320 – 102 Avenue
Edmonton, AB  T5J 4A1

1-866-845-3425

www.legalaid.ab.ca

*ናይ ሕጊ ሓገዝን ከምኡውን ሓበሬታን ምኽርን ወይ ከኣ ውክልና ንቡቓዓት ኣመልከቲ ስደተኛታት ክህብ ይኽእል እዩ።*

**Edmonton Community Legal Centre**
200, 10115 – 100A Street
Edmonton, AB  T5J 0C8

780-702-1725

www.eclc.ca

*ነጻ ናይ ሕጊ ሓበሬታን ምኽርን ንብቑዓት ኣመልከቲ ስደተኛታት ክህብ ይኽእል እዩ።*

---

?


ጠበቓ የብለይን ንፍርድ ቤት ቆጸራይ ኣይተዳለኹን፣ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ክተሓላልፎ እኽእል ድየ?

IRB-RPD ብቆጸራኻ መሰረት ተዳሊኻ ንኽትቀርብ ኣብ መዓልቲ ቆጸራኻ ንኽትርከብ ትጽቢት ይገብር እዩ። እንተድኣ ዘገድድ ኩነታት ተፈጢሩ ብደብዳበ ምኽንያትካ ገሊጽካ ክተሓላለፈልካ ናብ IRB-RPD ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እንተድኣ ደብዳበ ጽሒፍካ መልሲ ዘይረኸብካ ኣብ ቆጽራ መዓልትኻ ግድነት ክትርከብ ኣሎካ። እንተዘይኮነ ጥርዓንካ ክመከን/ክንጸግ ይኽእል እዩ (ገጽ 40 ተመልከት)። እንተድኣ ቅድሚ ቆጸራኻ ጠበቓ ረኺብካ ኣብቲ ቆጸራ መዓልትኻ ከም ዝርከብ ኣርጋግጽ።

!

ኣስተውዕል፣ እዚ ናይ ስደተኛ ክለላ/ዑቑባ ንምርካብ ዘእተኻዮ ናይ ጥርዓን ውከሳ እዩ፣ እንተድኣ ቆጸራ መዓልቲ ኣሕሊፍካ ሕቶኻ ክንጸግ ይኽእል እዩ። ዋላ ጠበቓ እውን እንተሎካ፣ ስረሐይ ኢልካ ብቁም ነገር ባዕልኻ ዘድልዩኻ ናይ ጽሑፍ መዛግብትን መረጋገጽትን ከምኡውን መሰኻኽርን ኣዳሊኻ ባዕልኻ ቀሪብካ ናይ ቃል ምስክርነትካ ክትህብ ክትዳሎ ኣሎካ።

# ናይ መሰረተ ጥርዓንካ (BOC) ቅጥዕኻ ምድላው




ናይ መሰረተ ጥርዓን (BOC) ቅጥዒ ናይ ስደተኛ ዑቕባ ሕቶ ሕቶኻ ቀንዲ ኣድላይ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ/ሰነድ እዩ። ኣብ BOC ቅጥዒ ዝርዝር ማንነትካን ስለምንታይ ናይ ስደተኛ ዑቕባ ኣብ ካናዳ ትደሊ ከም ዘለኻን ብሰፊሑ ክትገልጽ የድልየካ። እቲ ዝመላእካዮ ሓበሬታ ኣባል ናይ IRB-RPD ብዛዕባ ናትካ ኩነታት ምስቶም ካልኦት እተቕርቦም መረጋገጺታት ክመኣውን ናይ ቃል ምስክርነትካን ተደማሚሩ ብዛዕባኻ ሙሉእ ሓበሬታ ረኺቡ ናይ “ኮንቨንሽን ስደተኛ” ወይ ከኣ “ዑቕባ ዘድልዮ ሰብ” ምዃንካ ውሳነ ንምሃብ ይጥቀመሉ። ብዛዕባ እቲ ኣብ BOC ቅጥዕኻ ዝምላእካዮ ኣብ ፍርድ ቤት ምስ ቀረብካ እውን ሕቶ ክቐርበልካ እዩ።

ዝተፈላለዩ ቅጥዕታት ክትመልእ እንከሎኻ ክሕግዘካ ዝኽእል ጠበቓ ክትረክብ ፈትን። እንተድኣ ዘይከኣለካ ኮይኑ ቅድሚ ናይ ጥርዓን ቅጥዕታት ምምላእካ እንታይ እንታይ ከምዘድልየካ ኣቐዲምካ ካብ ጠበቓ ኣድላይ ሓበሬታ ክትረክብ ኣሎካ *(ገጽ 9 ተመልከት)*፣ ቅድሚ ኣድላይ ቅጥዕታት ምምላእካ እቲ ናይ IRB-RPD ዝጥቀመሎም ናይ ሕጊ ኣንቀጻት ኣቐዲምካ ምፍላጥ የድልየካ። እቲ ኣብ ቅጥዕኻ እትመልኦ ሓበሬታ ብዝተኽኣለ መጠን ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰን ሙሉእን ክኸውን ይግባእ። እንተድኣ ኣብ ካልእ መዛግብትኻ ዘሎ ሓበሬታ ንኣብነት ኣብ ቪዛኻ ዘሎ ጌጋ ኮይኑ ኣቐዲምካ ምስ ጠበቓኻ ተመኻኺረሉ፡ ኣሪምካ ካኣ ኣብ ቅጥዕኻ ምልኣዮ። ግምታዊ መልሲ ኣይትሃብ፡ እንተድኣ ዘይትፈልጦ ሕቶ ቀሪቡልካ ከም ዘይትፈልጦ ግለጽ። ቅኑዕ/ሓቀኛ ኩን፡ ዝተሓተትካዮ ሕቶ እንተድኣ ዘይተረዳኣካ ኮይኑ ጠበቓኻ ወይ ከኣ ናይቲ ሰፈራ ሰራሕተኛ ከብራህርሁልካ ሕተቶም። እንተድኣ ቁኑዕ ዘይኮነ ወይ ካኣ ናብ ጌጋ ከምርሕ ዝኽእል ሓበሬታ ሂብካ ወይ ከኣ እንተድኣ ሐበሬታ ሓቢእካ ሕቶኻ ክንጸግ ይኽእል እዩ።

---

## *ቅጥዒ ናይ BOC ክትመልእ እንከሎኻ እዞም ዝስዕቡ ዘክር፡*

- ኣብዚ መምርሒ ዘለዉ ናይ "ሕጊ ትርጉም" ከምኡድማ ናይ "ሕጊ ሕቶታት" ዝብሉ ኣጸቢቕካ ኣንብቦም። እዞም ክፋላት እዚኣቶም ናይ BOC ቅጥዕኻ ክትመልእ እንከሎኻ ክሕግዙኻ እዮም። *(ገጽ 19–27 ተመልከት).*
- ናይ BOC ቅጥዕኻ ብእንግሊዝ ወይ ብፈረንሳ ምልኣዮ። እንተድኣ በዞም ቛንቛታት እዚኣቶም ክትመልእ ዘሸግረካ ኮይኑ ንስደተኛታት ዝሕግዙ ድርጅታት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ *(ገጽ 44 ተመልከት)* ናይ BOC ቅጥዒ ንምርካብ ናብዚ መርበብ እዚ (www.irb-cisr.gc.ca) ኣቲኻ BOC ብዝብል ብምድላይ ተጻዒንካ ከተውጽኡ ትኽእል ኢኻ።
- ኩሎም ሕቶታት መልሶም፣ ባዶ ቦታ ኣይትግደፍ፣ እንተድኣ ናይቲ ሕቶ መልሲ ዘይትፈልጦ ኬንካ "ኣይፈልጦን ኢልካ ጽሓፍ።"
- እንተኣ እቲ ሕቶ ዘይምልከተካ ኮንይኑ "N/A" ኢልካ ጽሓፍ።
- ነፍሲ ወከፍ ሕቶ ቅድሚ ምምላስካ ክትርድኦ ፈትን።
- ቅጥዕኻ ብንጹርን ብጽሬትን ጸሓፎ እንተዘይኮነ ብኮምፑተር ምልኣዮ።
- መልሲ ክትመልስ እንተድኣ ቦታ ጸቢቡካ ተወሳኺ ወረቐት ወስኽ።
- እንተድኣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሊኻ ኬንካ ተኣሲርካ ከምዘለኻ ጥቐስ፣ ኣብ ቤት ምእሰርቲ ስለዘለኻ እቲ ቅጥዒ ንኽትመልእ ከም ዘሸገረካን ቅጥዕኻ ሙሉእ ከምዘይኮነን ኣብቲ መጨረሻ ገጽ ናይቲ ቅጥዕኻ ኣብ ጎኒ ፌርማኻ ኣስፍር።
- ዕለት ኮነ ካልእ ሓበሬታ ክትመልእ እንከሎኻ እንተድኣ ርግጸኛ ዘይኮንካ ርግጸኛ ኣይኮንኩን ኢልካ ጻሓፍ። እትህቦም ዕለታት ርግጸኛ ምስ ትኾውን ጥራሕ እዩ።
- ኣብ BOC ቅጥዕኻ ዝመላእካዮ ሓበሬታ ምስቲ ናይ CIC ቅጥዒ ዝመላእካዮ ሓደ ክኸውን ኣለዎ፣ ዝተፋላለየ ወይ ከኣ ዝጋጮ ክኸውን የብሉን።
- እንተድኣ ኣተርጓማይ ተጠቒምካ እቲ ዝተመልእ ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ብቛንቛኻ ከንብበልካ ሕተቶ።
- ኣተርጓሚኻ ኣብ ገጽ 10 ናይቲ BOC ቅጥዕኻ ክፍርም ሕተቶ።



- እቲ ኣብ ቅጥዕኻ ዝተመልአ ኩሉ ቁኑዕ ምኻኑ ምስ ኣረጋገጽካ ኣብ ገጽ 10 ናይቲ ቅጥዒ ፈርማኻ ኣቕምጥ። ቅድሚ ፈርማኻ ምቕማጥካ ዝመላእካዮ ሓበሬታ ብግዜ ምንኣስ ምኽንያት ኣንቢብካ ከተረጋግጾ ወይ ከኣ እኹል ሓበሬታ ከተቐምጥ ዘይከኣልካ ኬንካ ኩነታቱ ኣብቲ ቅጥዕኻ ጥቐሶ።
- ኣብ ካናዳ ናይ ስደተኛ ዑቑባ ዝሓትት ነብሲ ወከፍ ናይ ስድራኻ ኣባል ናይ BOC ቅጥዒ ክመልእ ኣለዎ።

## እንተድኣ ናይ ሕጊ ፈላጥ ሓጋዚ ዘይብልካ ኬንካ፡

- እንተኺእልካ ናይ ስደተኛ ሕጊ ዝዋሳእ ጠበቓ ቆጺርካ ቅጥዕኻ ብቑኑዕ ከምዝተመልአ ኣረጋግጽ።
- ኣብዚ ናይ IRB መርበብ ሓበሬታ ዘሎ ናይ ጠራዕቲ መምርሒ ደጋጊምካ ከተንብቦን ክትርድኦን ፈትን። (ናብ www.irb-cisr.gc.ca ብምኻድ ናይ "ጠራዕቲ መምርሒ" ዝብል ድለ)

---

## ካልኦት ናይ መመልከቲ/መወከሲ ቅጥዕታት፣

ኣብርእሲ ናይ BOC ቅጥዒ እዞም ዝስዕቡ ናይ CIC ቅጥዕታት ክትመልእ ኣሎካ፣

- ናይ መዛግብትኻ ዝርዝር መረጋገጺ/መቆጻጸሪ፡
- "Generic Application form for Canada" ዝብል ቅጥዒ
- "Additional Dependants/Declaration" ዝብል ቅጥዒ;
- Schedule A – background/Declaration ዝብል ቅጥዒ
- Schedule 12 – Additional Information – Refugee Claimants Inside Canada ዝብል ቅጥዒ;
- Use of a Representative ዝብል ቅጥዒ (እንተድኣ እትውክሎ ጠበቓ ወይ ከኣ ናይ ኢሚግሬሽን ኣማኻሪ ሃልዩካ)

እንተድኣ ናይ መጀመርያ ናይ ስደተኛ ዑቑባ ዘመልከትካሉ ቦታ ኣብ ኤርፖርት ወይ ካኣ ብመሬት ኣብ ወሰን ዓዲ (ቦርደር)

መእተዊ ኮይኑ፣ ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ቅጥዕታት ምስ CBSA (ናይ CBSA ትርጉም ርአ) ኣብ ዝተራኸብካሉ እዋን መሊእካዮም ኣሎኻ።

እንተድኣ ናይ መጀመርያ ናይ ስደተኛ ዑቑባ ዘመልከትካሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ ካናዳ ኣብ CIC ኮይኑ፣ ክልቲኦም ናይ BOCን ናይ CICን ቅጥዕታት መሊእካ ንCIC ብሓንሳብ ከተረክቦ ኣሎካ። እዞም ቅጥዕታት እዚኣቶም ከየረከብካ ወይ ከይተቐበሉ ናይ መጀመርያ ቃለ መሕተት ከገብሩልካ ኣይኽእሉን እዮም። እቶም ቅጥዕታትን ናይ ኣመላልኦኦም መርሕን ኣብ www.cic.gc.ca ትረኽቦም ("Refugee Application Package" ኢልካ ድለ")


---

**?** ንኹሎም ደቀይ ናይ BOC ቅጥዒ መሊኣ ከረክብ ይግበኣንዶ?

ዕድሚኦም 6 ዓመት ወይከኣ ካብኡ ንታሕቲ ዝኾኑ ናይ ስደተኛ ዑቑባ ሓተትቲ ቆልዑ ካብ 1a-1g ኣብ ገጽ 2 ዝርከብ ናይ BOC ቅጥዒ ጥራሕ ክመልኡ ኣለዎም።

እቲ ቅጥዒ ብወለዲ ናይቶም ቆልዑ ወይ ብዝተወከሉ ሰባት ክፍረም ኣለዎ (ገጽ 40 ትመልከት) ። ዕድሚ'ኦም ካብ 7-17 ዓመት ዝኾኑ ምስ ስድርኦም ናይ ስደተኛ ዑቑባ ኣመልከትቲ ቆልዑ ናይ BOC ቅጥዒ ብሙሉኡ ክመልኡ ኣለዎም። እቲ ቅጥዒ ብወለዲ ናይቶም ቆልዑ ወይ ብዝተወከሉ ሰባት ክፍረም ኣለዎ።

# ምርካብ ናይ BOC ቅጥዒ፡




ቅጥዕኻ ቅድሚ ንዝምልከቶ ክፍሊ ምርካብካ ምስ ጠበቓኻ ኬንካ ቅኑዕ ንምኻኑን ብጽፈት ከምዝተመልኣን ኣረጋግጽ። ከምኡ ድማ ትሕዝትኡ እንታይ ከምዝኾነ ተረዳእ። እንተድኣ እቲ ቅጥዒ ባዕልኻ መሊካዮ ኬንካ ወይ ብጠበቓኻ ጌርካ ወይ ከኣ ሕጊ ብዝፈልጥ እትኣምኖ ሰብ ቅኑዕ ምኻኑን ዝጎደሎ ነገር ከም ዘይብሉን ኣረጋግጽ።


**!** ንዝምልከቶም ቅድሚ ምርካብካ ናይ BOC ቅጥዕኻን ናይ ካልኦት መዛግብትኻን ኮፒ ከም ዘትረፍካ ኣረጋግጽ።

ናይ ስደተኛ ዑቑባ/ጥርዓን ሕቶኻ ኣበይ ከምዝገበርካዮ/ ዘቕረብካዮ እዩ ብኸመይ፣ ምዓስን ኣበይን ናይ BOC ቅጥዕኻ መሊእካ ከምተቕርቦ ዝውስኖ።

## ሀ. እንተድኣ ኣብ ኤርፖርት ወይካኣ ብመሬት ኣብ ወሰን ሃገር መእተዊ (ቦርደር) ኮይኑ፡

እቲ ቅጥዒ ናይ BOC ካብ ዝተውሃበካ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ መሊእካ ንIRB-RPD ከተረክብ ኣሎካ። እንተድኣ ናይ መጨረሻ መበል 15 መዓልቲ ቀዳም፣ ሰምበት ወይ ከኣ ኣብ በዓል ውዒሉ ናብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ እዩ ዝሰጋገር። (ናይ ግዜኻ ምልክታ ኣብ ገጽ 6 ርኣ)።

1




ብኽልተ ኮፒ ብምግባር ናይ ዝመላእካዮ ኦርጅናል ናይ BOC ቅጥዒ ሓዝ

---

2





"ኦርጅናል ናይ BOC ናይ ጥርዓን ቅጥዕኻ ንIRB-RPD ብኮሬር (ዝተመዝገበ ኣተኣማማኒ ፖስጣ) ልኣኮ ወይ ካኣ ባዕልኻ ብኢድካ ኣብጽሓዮ። ናይ BOC ቅጥዕኻ ብተራ ፖስጣ ኣይትልኣኮ። እንተድኣ ብድምር ካብ 20 ገጽ ንታሕቲ ኮይኑ ብፋክስ (604-666-3043) ክትሰዶ ትኽእል ኢኻ።

**IRB–RPD**
300 West Georgia Street, Suite 1600
Vancouver, BC V6B 6C9

---

3




ሓደ ቅዳሕ/ኮፒ ናይ BOC ዝመላእካዮ ቅጥዒ ንዓሕራይ ከም ዋቢ ኣብ መዝገብካ ሓዝ። እንትደኣ ቅጥዕኻ ብኮሬር ኣመዝጊብካ ሊኢካዮ፣ ዝለኣካሉ ቅብሊት ንዓሕራይ ንመርቶዖ ሓዞ። እንተድኣ ብፋክስ ሰዲድካዮ እቲ ፋክስ ከምዝበጽሐ ዘረጋግጸልካ ወረቐት ሓዞ።

---

?


መሊኣ ከረክቦ ዝግበኣኒ ቅጥዒ ኣብ ግዚኡ መሊኣ እንተዘየረክብኩዎኸ?

እንተድኣ ብድንገት ምኽንያት ከተረክቦ ዝግበኣካ ናይ BOC ቅጥዕኻ ክትረክብ ዘይክኣልካ ናብ IRB-RPD ንቆጸራኻ ካብ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብዘይ ውሕድ ጊዜ ተወሳኺ ጊዜ ክወሃበካ ብጽሑፍ ክትሓትት ኣሎካ። እንተድኣ መልሲ ዘይረኸብካ ዋላ እንተዘይተማልአ በቲ ዝተብሃለካዮ መዓልቲ ኣረክቦ። ግን ከትጭርሶ ዘይመኸኣሊኻ ምኽንያት ዝገልጽ ደብዳቤ ምስቲ ቅጥዒ ኣትሓሒዝካ ንIRB-RPD ሃቦም ወይ ልኣኸሎም።

## ለ. እንተድኣ ኣብ CIC ኣብ ውሽጢ ካናዳ ኣመልኪትካ፣

BOCን ካልኦት ኩሎም ቅጥዕታትካን ምስ ጠበቓኻ ኬንካ (ጠበቓ እንተሎካ) ምልኣዮ፡

**1**




ናይ ዝመላእካዮ ኦርጅናል ናይ BOC ብክልተ ፎቶ ኮፒ ኩሎም ናይ CIC ቅጥዕታትን ብሓደ ፍቶ ኮፒ ጌርካ ሓዝ።

---

**2**




እቲ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ናይ BOC ቅጥዕኻ ከምኡውን ኦርጅናል ናይ CIC ቅጥዕን ምስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ናይ ቤተሰብ ኣባል ኣረርባዕተ ስእሊ ብምግባር ንቤት ጽሕፈት ናይ CIC ኣረክብ። (ንናይ CIC ኣድራሻ ገጽ 7 ተመልከት) ንናይ ፎቶ ግራፍ ዕቅን ኣብ መርበብ www.cic.gc.ca ኣቲኻ "Appendix A" photo Specifications ዝብል ብምድላይ ተኸተል። ናይ ኩሎም ቅጥዕታትካ ንCIC ቅድሚ ምርካብካ ንዳሕራይ ንመርቶዖ ዝኾነካ ኣብ መዝገብካ ፎቶ ኮፒ ጌርካ ኣጽንሕ።

*(ቅጥዕታትካ ከተረክብ እንከሎኻ ናይ CIC ሰርሕተኛ መኣስ ንናይ መጀመርያ ቃለመሕተትካ ከም ትመጽእ ክሕብረካ እዩ። እዚ ቃለ መሕተት እዚ ናይ መጀመርያ ኮይኑ ንሰድተኛ ዑቐባ ንምሕታት ብቑዕ ምኻንካን ዘይምኻንካን ዘወስን እዩ። ኣብዚ ቃለ መሕተት እዚ እቲ ኦፊሰር ብቑዕ ምኻንካ እንተድኣ ወሲኑ ጉዳይካ ኣብ ፍርድ ቤት ዝስመዓሉ ናይ ፍርድ ቤት ናይ ቆጸራ መዓልቲ ይወሃበካ። ዝመላእካዮ ናይ BOC ቅጥዕውን ናብ IRB-RPD ይለኣኽ።)*

---

**3**




ናብ CIC ዝመላእካዮ ቅጥዕታት ከተረክብ እንከሎኻ ሐቢርካ ፓስፖርትኻ ወይ ከኣ ማንነትካ ዝሕብር ወረቐት እንተሎካ ኣተሓሒዝካ ሃብ። CIC ኦርጂናል ናይ ማንነትካ ወሲዱ ፎቶ ኮፒ ንዓኻ ክህበካ እዩ።

እንተድኣ ካልኦት ወረቓቕቲ ንጉዳይካ ኣብ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ከም መርቶዖ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ሃሊዮምኻ ናብ ዝደለኻዮ ቋንቋ ማለት ናብ እንግሊዝ ወይ ከኣ ፈረንሳ ኣተርጊምካ፣ ብሰለስተ ኮፒ ብምግባር ሓደ ንርእስኻ ብምዕቃብ ክልተ ኮፒ ምስቲ እተረክቦ ናይ BOC ቅጥዒ ኣተሓሒዝካ ንCIC ኣረክቦ። መዛግብትኻ ቅድሚ ን CIC ምርካብካ ጠበቓኻ ኩሉ ቁኑዕ ምኻኑ ከምዝረኣዮን ዝመርመሮን ኣረጋግጽ።


---

**?** እንተድኣ ኣብ BOC ቅጥዐይ ዝኾነ ነገር ረሲዐ ወይ ብጌጋ መሊኣኸ?

እንተድኣ እዚ ኣጋጢሙ ባዕልኻ ወይ ጠበቓኻ ንIRB-RPD ብቑልጡፍ ተራኺብካ እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ፈጽም።

- እቲ ከቕየር ኣለዎ እትብሎ ኣብቲ ፎቶ ኮፒ ጌርካ ዘትረፍካዮ ቅጥዒ እሪምካ ብምምላእ እቲ ዝመላእካዮ ኣስሚርካ ፊርማኻን ዕለትን ብምቕማጥ፡
- ስለምንታይ እዚ ለውጢ ከምዝገበርካ ደብዳበ ብምጽሓፍ፣ እቲ ዝለወጥካዮ ሓቂ ንምኻኑ ብናይ ማሕላ ቓልካ ብምርግጋጽ ፊርማኻን ዕለትን ብምቕማጥ፡ *"These changes are complete, true, and correct, and I understand that the declaration is of the same force and effect as if made under oath."*
- ናይ እቲ ዝኣረምካዮ ፎቶኮፒ ከምኡውን ሓደ ኮፒ ናይቲ ኦርጂናልን ምስ ደብዳበኻ ኣተሓሒዝካ ንIRB-RPD እንተወሓደ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸራኻ ካብ 10 ማዓልቲ ብዘይውሕድ ብምስዳድ ከተፍልጥ ኣሎካ።
- ቅድሚ ምልኣካ ፎቶ ኮፒ ንርእሰኻ ምትራፍካ ኣረጋግጽ።

# መረጋገጺ ናይ ምእካብ ኩነታት፡



ንጉዳይካ ክሕግዘካ ዝኽእል መርትዖ ምእካብ ኣድላዪ እዩ። ኣዚ ማለት ብዝተኽኣለ መጠን ንጉዳይካ ክሕግዘካ ዝኽእል ኣብ ዓድኻ እንታይ ከምዘጋጠመካ ክሕብሩ ዝኽእሉን ሕቶኻ ኣብ ሕቂ ዝተመስረተ ምዃኑን ከረጋግጹልካ ዝኽእሉ ወይ ንዘጋጠመካ ነገር ከም መርትዖ ክትጥቀመሎም እትኽእል ዝተፈላለዩ ናይ መረጋገጺ ጽሑፋት ምእካብ የድሊ። እዞም ጽሑፋት እዚኦም ንIRB-RPD እውን ብተወሳኺ ኣብ ዓድኻ ዘሎ ኩነታትን ክንደየናይ ናይ ሰብኣዊ መሰል ግህሰት ከምዘሎን ንኽርዳእ ይሕግዝዎ። ኩሎም ናይ መረጋገጺ ጽሑፋት ቅድሚ ንIRB-RPD ምሃብካ ናብ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ ክትርጎሙ ይግባእ።

ካብ ብሕጂ ኣድላይ ሐበሬታ ክትእክብ ፈትን። እንተድኣ ጠበቓ ኣሊዩካ እንታይ እንታይ ንጉዳይካ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ መረጋገጺ ከተቕርብ ከምዝግበኣካ ሕተቶ። ከምኡውን በብግዚኡ ሓዲሽ ሓዲሽ ሓብሬታ ክትረክብ እንክሎኻ ጠበቓኻ ክፈልጥ ግበሮ። ካብዚ ብተወሳኺ ንጠበቓኻ ኣተርጊምካ ንዝሃብካዮ መረጋገጺ ንኽምርምሮ እኹል ጊዜ ክትህቦ ኣሎካ።

ብሓፈሽኡ ክልተ ዝተፈላለዩ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ።

## 1 ብሕታዊ ዝኾነ ብቐጥታ ንጉዳይካ ክሕግዘካ ዝኽእል መረጋገጺ፣

**a** ከምዚ ዝኣመሰለ ሓጋዚ መርትዖ ብብሕትኻ ንስኻ ኣብ ሓደጋን ሽግርን ከም ዘለኻ ዘርኢ፡ ንኣብነት፡



- ስእልታት፡ ደብዳቤታት፡ ቪድዮ፡ ኢመይል ወይ ከኣ ካልኦት መርቶዖታት ሽግርካ ከረድኡ ዝኽእሉ፣ እንተድኣ ሃልየሙኻ ኣምጽኣዮም ኣዳልዎም፣
- ናብ ፖሊስ ወይ ከኣ ናብ ካልእ ናይ መንግስቲ ወከልቲ ንሓገዝ ኬድካ እንተኔርካ ዘለካ ፎቶ ኮፒ ናይ ፖሊስ ሪፖርት ኣቕርብ፣
- ናይ ሕክምና ሓገዝዶ ተገይሩልካ ነኢሩ? ናይ ሆስፒታል ወይ ከኣ ናይ ሓኪም መርቶዖ እንተለካ ኣቕርብ፣
- ዝኾኑ ናይ ጽሑፋት ኮነ ናይ ዜና ሓብሬታታት ብዛዕባ ምስ ጉዳይካ ዝተኣሳሰሩ ሰባት ዘርእዶ ኣሎ? እንተሊዩ ኣምጽኣዮ።
- ብዛዕባ ዘጋጠመካ ሽግር ክምስክሩ ዝኽእሉ ሰባትዶ ኣለዉ? እንተድኣ ሃልዮም ብዛዕባ ዝነበረ ኩነታት ደብዳበ ጽሒፎም ናብኻ ንኽሰዱልካ ግበር፡ እንተድኣ ትኻኢሉ ቃሎም ሓቀኛ ንምኻኑ ኣብ ጠበቓ ወይ ኖታሪ ፓብሊክ ብምኻድ ንሐቅነቱ ምሒሎም ክፍርሙ ሕተቶም።
- ከም ናትካ ዓይነት ወይ ተመሳሳላይ ሽግር ዘጋጠሞም ሰባትዶ ኣለዉ? ዘጋጠሞም ሽግር ልምዶም ብጽሑፍ ክገልጽዎ ሓብሮም። ንጽሑፎም መርጋገጺ ኣብ ቅድሚ ጠበቓ ወይ ኖታሪ ፓብሊክ ቀሪቦም ምሒሎም ክፍርሙ ሕተቶም።
- ጉዳይ ናይ ሽግርካ ኣብ ምንታይ ዝተመርኮዘ ከም ዝኾነ ግለጽ፡ ኣብ ሃይማኖት ድዩ? ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ኣባል ብምኻንካ ድዩ? ወይስ ናይ ዝተወሰኑ ናይ ማሕበረሰብ ጉጅለ ማህበርትኛ ስለዝኾንካ?
- ብዘጋጠመካ ሽግር ናይ ኣእምሮ ስቓይ/ቁስለት ወይ ቀውሲ ኣጋጢሙካዶ ነይሩ? እንተድኣ ኣጋጢሙካ ነይሩ ካብ ናይ ካናዳዊ ሓኪም ወይ ሳይኮሎጂስት መርተዖ ወይ መረዳእታ ኣቕርብ። እዚ መርቶዖዚ ንምርካብ ነዊሕ ጊዜ ዝወስድ እዩ። ስለዚ ብዝተኽኣለ መጠን ቀልጢፍካ ናይ ሓኪም ቆጸራ ሐዝ። እንተድኣ እዚ መርትዖ ቀልጢፍካ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ክትረኽቦ ዘይከኣልካ፣ ን
IRB-RPD ብደብዳበ ናይ ሐኪም ሪፖርት ንኽትረክብ ትጽዕር ከምዘለኻ፡ እቲ ሪፖርት ንምርካብ እንታይ ዓይነት ጻዕሪ/ፈተነ ከም ዝገበርካን እቲ ሪፖርት ንመኣስ ትጽበዮ ከም ዘለኻን ጠቒስካ። እንተድኣ ተኻኢሉ IRB-RPD እቲ ቆጸራኻ ክናዋሐልካ ሕተት። IRB-RPD ኣብ ቆጸራኻ ተረኺብካ ጉዳይካ ክተከታተል ክሕብረካ ይኽእል፣ እንተድኣ ከምዚ ኮይኑ ኣብቲ ፍርድ ቤት ናይ ኣእምሮ ሽግር ከምዘሎካ ንምግላጽ ፈትን፡ እዚ ሽግር እዚ ናይ ምዝካር ሽግር ክምዘስዓበልካ፣ እቲ ሽግር ንምግላጽ ዕንቅፋት ከምዝኾነካን ወዘተ ግለጽ።

---

**?** ከምበዓል ቪድዮ፣ ናይ ሓበሬታ መርበብ ወይ ካኣ ናይ ኤለክትሮኒክስ መርተዖ ምትርጓም ይድልዮምዶ?

እወ ክትርጎሙ ኣለዎም ! ኩሎም መርቶዖታት እትረኽቦም ናብ እንግሊዝህ ወይ ፍረንሳ ክትርጎሙ ኣለዎም። ናይ ቪድዮ መርቶዖታት ናብ ጽሑፍ ተተርጊሞም ክቐርቡ ኣለዎም። ናይ ትርጉም ስራሕ ክቡር ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተድኣ ኩሉም መርቶዖታትካ ከተተርጉም ናይ ገንዘብ ኣቕሚ ዘይብልካ ኬንካ፣ ኣድለይቲ እትብሎም ዝተወሰኑ ከተተርጉም ፈትን። ብዛዕባ እቶም ዝተረፉ ብገንዘብ ዓቕሚ ሕጽረት ምኽንያት ከተተርጉሞም ከምዘይከኣልካ ን IRB-RPD ብጽሑፍ ሓብሮም። ናብ ፍርድ ቤት ሒዝካዮም ኪድ እንታይ እንታይ ከምዝኾኑን ብዛዕባ እንታይ ምኻኖምን ግለጽ።

**b** ካብዚ ብተውሳኺ ካበየናይ ዓዲ ከም ዝኾንካ ዘርኢ ናይ ማንነት ወረቐት ከተቕርብ ኣሎካ። እዚ ኣውን ኣብ ዓድኻ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ብምልላይ ስለምንታይ ኣብ ሓደጋ ከምዘሎኻ ብምብርህራህ ጉዳይካ ደግፍ ንኽረክብ ይሕግዝ። *(ኣብ ገጽ 23 ዘሎ ኣብነት ርኣ)* እንተድኣ ናይ ማንነት ወረቐትካ ድሕሪ ናይ መጀመርያ ቃለመሕተትካ ረኺብካዮ እንተኾንካ ፎቶ ኮፒ ናብ IRB-RPD ብዝቐልጠፈ መንገዲ ለኣኽ።

## 2 ብዛዕባ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ናይ ሰብኣዊ መሰል ኩነታት መርትዖ:

እዚ ዓይነት መርትዖ እዚ ዝጠቓለል ካብ ዝተፈላለዩ ፍሉጣትን እሙናትን ናይ ዜና ምንጭታትን ብዛዕባ ዝተፋላለዩ ናይ ሰብኣዊ መሰል ግህሰታት ሪፖርት ኮይኑ ናይ ፖለቲካ እንቅስቃሴን ከምኡውን ካልኦት ዜናታትን ምስ ናትካ ጉዳይ ዝተሓሓዝ እዩ።

ንኣብነት:

- እቲ ናይ IRB-RPD ናይ ሃገራት ሓፈሻዊ ኩነት መዝገብ (NDP) ብፍላይ ናይ ሃገርካ ዝምልከት ኣብ www.irb-cisr.gc.ca (NDP ኢልካ ድለ ብድሕሪኡ ንሃገርካ ካብቲ ዝርዝር ርኸባ) ይርከብ።

  እቲ NDP ናይ ሃገርካ ብናይ ተመራመርትን ኣጽናዕትን ናይ ክፍሊ IRB-RPD ዝተዳለወ እዩ። ትሕዝትኡ ኹእ ብዛዕባ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ኩነታት ዝገልጽ ኮይኑ ኣብ ክፉላት ዝተኸፍለ እዩ። እቲ ንዓኻ ዝምልከተካ ክፍሊ ኣንብብ፣ ኣብ ጊዜ ፍርዲ ናይ ሕቶኻ እቲ ጉዳይ ዝከታተል ሰብ እዚ ኣብዚ መዝገብ ዘሎ ናይ ዓድኻ ብዝምልከት ሓበሬታ ብዛዕባኻ ውሳነ ንኽህብ ክሕግዞ ክጥቀመሉ እዩ። *መብዛሕትኦም ኣብቲ NDP ዘሎ ሓበሬታ ወይከኣ ሪፖርት ካብ ዓመት ንላዕሊ ዝኾኖ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተድኣ ተኻኢሉ ሓድሽ ሓበሬታ ከተቕርብ ፈትን።*





- ኣብ ቀረባ ዝወጹ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሪፖርት (ንኣብነት ከም ዓልምለኸ ሰብኣዊ ድሕነት፣ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተኻታተልቲ) ናይ ሕቡራት መንግስታት ሪፖርት፣ ናይ ሕቡራት ኣመሪካ ናይ ሃገራት ሪፖርት፣ ናይ ዜና ኣንቀጻት፣ ወይ ከኣ ኣብ ሃገርካ ናይ ሰብኣዊ መሰል ግህሰት ዘርኢ ቪድዮ፣ ሓደ ሓደ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኣብ NDP ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር ሓዲሽ ሓበሬታ እንተሎ ክትርኢ ኣሎካ። ከምኡውን ባዛዕባ ናይ ሃገርካ ኩነታት ክትፈልጠሉ እትኽል ናይ መርበብ ሓብሬታ ኣብ www.kinbrace.ca/rhp-guide/country-conditions ክትረክብ ትኽእል።
- ኣብ ሃገርካ ዝርከቡ ዘውጽእዎ ዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ሪፖርትታትን ከምኡውን ናይ ጋዜጣታትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተኸራኸርቲ ድርጅታትን ሓበሬታን።

---

**?** እንተድኣ ቅድሚ ናብ ፍርድ ቤት ምቕራብይ ሓበሬታ ዘይረኸብኩኸ?

ስለምንታይ ሓበሬታ ክትረክብ ከምዘይ ከኣልካ ኣብ ቆጸራ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸራኻ ከተብራህርህ ፈትን፣ እንታይ ንምርካብ እንታይ እንታይ ጻዕርታት ከምዝገበርካ ግለጽ፣ (ከም በዓል ኢመይል፣ ደብዳበታት፡ ኮሬራት፣ ናይ ስልኪ መጸዋዕታ ወዘተ) ከምኡውን ዝፈተንካሎም መዓልትታት፣ ናይዞም ዝተጠቐሱ ኮፒ ኢመይላት፣ ድብዳቤታት፣ ናይ ፖስታ ዝለኣካሉ ቅብሊት ናብ ፍርድ ቤት ከም መርትዖ ኣቕርቦ።

# ንቑጸራ ምስማዕ ፍርድ ቤትካ ምድላው፡



ኣብ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ምእንቲ ክትዕወት ብዝተኻኣለ መጠን እቲ ናይ ሕጊ ትርጉም ናይ “ኮንቨንሽን ስደተኛ” ወይ ከኣ ናይ “ውቑባ ዘድልዮ ሰብ” ምስ ኩነታትካ ኣተሓሒዝካ ከምቲ ኣብቲ ናይ ካናዳ ናይ ፍልሰትን ስደተኛን ሓለዋ (IRPA) ኣንቀጽ ትርጉም መሰረት ንዓኻ ከምዝምልከት ከተረድእ ክትክእል ኣሎካ። IRB-RPD ሕቶኻ ክግምገም ከሎ ኣየናይ ትርጉም ንዓኻ ከም ዝምልከት ወይ ከምዝሰማማዕ ኣብ ግምት ከእቱ እዩ። እንተድኣ ናይ ዜጋ ወይ ከኣ ተቐማጣይ ካብ ሐደ ሃገር ንላዕሊ ኬንካ ኣብኩለን ሃገራት ሽግር ከምዘለካ ወይ ከኣ ኣብ ሐደጋ ከምዘልኻ ዘርኢ መርትዖ ከተቕርብ ኣሎካ። እዞም ዝስዕቡ ገጻት እቲ ናይ IRB-RPD ኣባላት ወኪል ኣብ ፍርድ ቤት ጉዳይካ ክርኢ እንከሎ ኣብ ግምት ዘእትዎም ምኽንያታት ከትርኢ ክሕግዘካ እዩ ንስኻውን እንታይ እንታይ መርትዖ ንነፍሲወከፎም ትርጉማት ከትእክብ ከምዘለካ ክትርዳእ ኢኻ።

ናይ መርትዖ ንኣብነት ገጽ 17፡ 18 ከምኡውን 23–27 ናይዚ መምርሒ ርኣ።

# “ናይ ኮንቨንሽን ስደተኛ” ትርጉም

*(ክፋል **96** ናይ ፍልሰትን ስደተኛን ከለላ ኣንቀጽ **(IRPA)** ተመልከት)*

| | እንተድኣ ትርጉም ናይ ኮንቨንሽን ስደተኛ ዝምልከተካ ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ 6 ነጥብታት ከተማልእ ኣሎካ። | እብዚ ትርጉም እዚ ክትሕቆፍዶ ትኽእል? | ኣብዚ ትርጉም እዚ ትሕቆፍ እንተድኣ ኬንካ እንታይ መርቶዖታት ከተቕርብ ትኽእል? |
|---|---|---|---|
| 1 | እንተድኣ ናብ ሃገረይ ተመሊሰ ፍሉጥ ዝኾነ ናይ ምንክልባት ሽግር ክበጽሓኒ እዩ።<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፣ ምንክልባት)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | ገጽ 41 ርኣ |
| 2 | እዚ ምንክልባት እዚ ኣብ ... ዝተመስረተ እዩ፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ዓዳዊ፣ ናይ ፖለቲካ ኣመለኻኽታ ወይ ከኣ ኣባል ናይ ሓደ ማሕበራዊ ጉጅለ ስለዝኾንኩ፣*<br>*(ምልክታ፡ ቃል ናይቲ “ማሕበራዊ ጉጅለ” ማለት ናይ ሓደ ጉጅለ ኣብ ጾታ፣ ወይ ናይ ወሲባዊ ባህሪ ስንኩልነት፣ ቤተሰብ ማሕበራዊ ርክባት ዝተመስረተ ወዘተ)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | |
| 3 | ናብ ዓደይ ንኽምለስ ካብ ልበይ እፈርሕ እየ፡<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ኣብ ፍርሓት ዝተመርኮሰ)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | ገጽ 24 ርኣ |
| 4 | ኣብ ዓደይ ብዘሎ ኩነታት ናብ ዓደይ ንኸይምለስ ብቑዕ ምኽንያት ኣሎኒ።<br>ከምኡውን ..... | ☐ | |
| 5 | መንግስተይ ካብ ዘጋጥመኒ ሽግር ክሕልወኒ ኣይክእል እዩ።<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ናይ መንግስቲ ሓለው)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | ገጽ 26 ርኣ |
| 6 | ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኣብ ዓደይ ብሰላም ክነብር ኣይክልን እየ፡<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ናይ ውሽጣዊ ዝውውር ኣማራጺ)* | ☐ | ገጽ 26 ርኣ |

* እንተድኣ ጓል ኣንስተይቲ ኬንኪ እቲ UNHCR ዘውጽኦ ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት መምርሒ ምንባብ የድሊ. ንደቂ ኣንስትዮ ዝበጽሖን ምንክልባት ፍልይ ዝበለ ስለዝኾነ እቲ መምርሒ ምንባብ የድሊ።

UNHCR guidelines:
www.refworld.org/pdfid/3d36f1c64.pdf

IRB guidelines:
www.irb-cisr.gc.ca/Eng/BoaCom/references/pol/GuiDir/Pages/GuideDir04.aspx

እንተድኣ ናይ ተምሳሳሊ ጾታ ወሲብ ትኽተል ሰብ ኬንካ ወይ ከኣ ለዝብያን ኬንኪ ወይ ከኣ ትራንስጀንደርድ፣ UNHCR ነዚ ዝምልከት ዘውጽኦ መሪሕ ስለዘሎ ንዕኡ ምንባብ የድሊ፣ ብናይ ወሲባዊ ባህሪ ዝመጹ ምንክልባታት ፍልይ ዝበሉ ስለዝኾኑ እቲ መምርሒ ምንባብ ጽቡቕ እዩ።


www.unhcr.org/509136ca9.pdf

# “ዑቑባ ዘድልዮ ሰብ” ትርጉም

*((ክፋል **97** ናይ ፍልሰትን ስደተኛን ከለላ ኣንቀጽ* **(IRPA)** *ተመልከት)*

| | መስፈርቲ ናይቲ ትርጉም “ዑቑባ ዘድልዮ ሰብ” ንኽተማልእ ካብዞም ዝስዕቡ ክልተ ነገራት ሕዱኦም ከተማልእ ኣሎካ። | እብዚ ትርጉም እዚ ክትሕቆፍዶ ትኽእል? | ኣብዚ ትርጉም እዚ ትሕቆፍ እንተድኣ ኬንካ እንታይ መርቶዖታት ከተቕርብ ትኽእል? |
|---|---|---|---|
| **1** | እንተድኣ ናብ ሃገረይ ተመሊሰ ብናይ ሃገረይ ሰበስልጣን መስቀይቲ ክበጽሓኒ ይኽእል እዩ። | ☐ | |
| | **ወይ ከኣ** | | |
| **2** | እንተድ’ኣ ናብ ሃገረይ ተመሊሰ ንሂወተይ ዘስግእ ማህሰይቲ፣ ወይ ከኣ ዘይተለመደ ኣስቃቒ ምሕረት ዘይብሉ ሓደገኛ ኩነት ወይ መቕጻዕቲ ክበጽሓኒ ይኽእል እዩ፡<br>ከምኡውን ..... | ☐ | |
| **a** | መንግስተይ ካብ ዘጋጥመኒ ሽግር ክከላኸለለይ ኣይክእልን እዩ።<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ መንግስታዊ ሓለዋ)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | ገጽ 26 ርኣ |
| **b** | ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኣብ ዓደይ ብሰላም ክነብር ኣይክልን እየ፡<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ናይ ውሽጣዊ ዝውውር ኣማራጺ)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | ገጽ 26 ርኣ |
| **c** | እዚ ሽግር እዚ ንዓይ ጥራሕ እዩ በጺሑኒ ከምዚ ናተይ ሽግር ንደቂ ሃገረይ ኣይበጽሖምን<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ጥቕልል ዝበለ ሓደጋ)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | ገጽ 25 ርኣ |
| **d** | እዚ ሓደጋዚ ኣብ ካናዳ ወንጀል ክኸውን ከሎ ኣነ እዚ ወንጀል እዚ ስለዝፈጸምኩ ሃረይ ክትቀጽዓኒ ኢላ ዘይኮነስ<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ናይ ምንክልባት ዘይኮነስ ናብ ናይ ሕጊ ቦታ/ፍርዲ ምቕራብ)*<br>ከምኡውን ..... | ☐ | |
| **e** | እዚ ሓደጋዚ ኣብ ሃገረይ ብቑዕ ሕክምና ስለዘየሎ ዘይኮነስ፡<br>*(ናይ ሕጊ ሕቶ፡ እንተድኣ ብመድልዎ ምኽንያት ናይ ሕክምና መሰል ተነፊጉካ ኮይኑሞ ከተእምን ኪእልካ ዑቑባ ክዋሃበካ ይኽእል እዩ)* | ☐ | |

# መረጋገጺ ምእካብ፡ ናይ ሕጊ ጉዳያት




ሓደ ሓደ ካብቶም ናይ ሕጊ ጉዳያት ኣብ ፍርድ ቤት ናይ ስደተኛ ጉዳይ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ክለዓሉ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ማንነት
- ተኣማንነት
- ምናልባታዊ ፍርሓት
- ዝተጠቓለለ ሓደጋ
- ናይ መንግስቲ ሓለዋ
- ናይ ውሽጣዊ ዝውውር ኣማራጺ
- ኣብ ካልእ ሃገር ሕጋዊ ተቐማጣይ

ነብሲ ወከፎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ናይ ሕጊ ጉዳያት ናብ ናይ ዝተፈላለየ ናይ ሕጊ ትርጉም ናይ “ኮንቨንሽን ስደተኛን” ወይ ከኣ “ዑቕባ/ከለላ ዘድልዮ ሰብ”ን ዝራኸቡ እዮም።

ኣብዞም ዝስዕቡ ገጻት መግለጺ ናዞም ናይ ሕጊ ጉዳያት ብጥንቃቐ ኣንብቦም። ኣብ ትሕቲ ነብሲ ወከፍ ጉዳይ ነቲ ጉዳይ ይምልከት እዩ ወይ ከኣ ይገልጹ እዮም እትብሎም ደቀቕቲ መረጋገጺታት ዘርዝሮም።

---

**!** ካብ ጠበቓኻ ንጉዳይካ ኣድማዒ እዩ እትብሎ ናይ ሕጊ ጉዳይ ምኽሪ ርኸብ።

## ማንነት፡

ን IRB-RPD ንስኻ መን ምዃንካ ኣርእዮም ኣፍልጦም። እዚ ማለት ከኣ ወይ ከም ዜጋ ናይ ሀገርካ ወይ ከኣ ሕጋዊ ነባሪ ናይ ክልእ ዓዲ ከምዝኾንካ ሓብሮም። እዚ ኻኣ ኣባል ናይ ሓደ ሃይማኖት ወይ ከኣ ናይ ሐደ ዓሌት ወይ ከኣ ናይ ሞያ ወይ ከኣ ናይ ፖለቲካ ወይ ከኣ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ማሕበር ኣባል እንተኼንካ ወይ ካኣ ዘለካ ናይ ወሲባዊ ብህሪ፣ ወይ ከኣ ኣባል ናይ ካልእ ማሕበራዊ ጉጅለ እንተኾንካ ወዘተ። እንተድኣ ማንነትካ ዝገልጽ ናይ ማንነት ወረቐት ከተቕርብ ዘይትኽእል ኬንካ ኣብቲ ፍርድ ቤት ምኽንያትካ ክትገልጽ ኣሎካ።

እንተድኣ ማንነት ወረቐት ዘይብላካ ወይ ካኣ CBSA ወረቓቕትኻ ናይ በሐቂ ምኻኖም ዘረጋግጽ መርትዖ ዘይብልካ ክትእሰር ትኽእል ኢኻ።

ናይ መረጋገጺ ምሳሌታት፡



- ናይ ሓደ ሀገር ዜጋ ምኻንካ ንምሕባር፣ ፓስፖርት፡ ናይ ሃገር ማንነት ወረቐት፡ ናይ ውትህድርና ኣግልግሎት፡ ናይ መርዓ ወረቐት፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰርትፊኬት
- ናይ ሓደ ሃይማኖት ኣባል ምኻንካ ንምርኣይ፣ ወይ ናይ ጥምቀት ሰቲፊኬት ወይ ከኣ ደብዳበ ካብ ናይ ሃይማኖትካ መራሒ።
- ናይ ሓደ ፖለቲካ ኣባል ወይ ናይ ሓደ ሞያ ማሕበር ምኻንካ ወይ ርክብ ከምዘለካ ንምግላጽ፣ ናይ ኣባልነት ወረቐት፡ ወይ ደብዳቤ ካብቲ ድርጅት፡ ወይ ከኣ ዝስልጠንካሉ ሰርቲፊኬት ወይ ከኣ ዲፕሎማ።
- ናይ ሓደ ፍልይ ዝበለ ወሲባዊ ባህሪ ዘለዎም (ናይ ተመሳሳላይ ጾታ) እንትኾንካ፡ ደብዳቤ ካብቲ ናይ ኮሚኒቲ ጉጅለ ወይ ባዓል ቤት፡ ወይ ካኣ ቤተሰብ ኣባል ምቕራብ። እዞም ሐበሬታታት እዚ'ኦም ዝርዝር ማንነትካ ዝምስክሩልና ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ማለት ካኣ ኣባል ወይ ከኣ ኣካል ናይቲ LGBTQ ኮሚኒቲ ምኻንካ የርእዩ።

መርቶዖይ ..

## ተኣማንነት፡

ን IRB-RPD ኩሉ ብዛዕባ ልምድኻ እትዛረቦን እትነግሮምን ዘለካ ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ምኻኑ ኣርእዮም። IRB-RPD እቲ እትዛረቦ ዘለኻ ምስቲ ኣብ BOC ቅጥዕኻ ዘሎ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ፍርድ ቤት እትህቦ ናይ ቃል ምስክርነት፡ ምስቲ ናይ ሰብኣዊ መሰል ሪፖርት፡ ናይ ካልኦት ናይ ቃል ምስክርነት ፍልልይ ከምዘይብሎምን ተመሳሰልቲ ምኻኖምን ከወዳድሮም እዩ። እንተድኣ ዘይሰማምዑ ኮይኖም IRB-RPD ተኣማናይ ከምዘይኮንካ ክውስን ይኽእል እዩ። ተኣማንነትካ ንምርኣይ ብቑዕ ሓበሬታታት ብምእካብ ነቲ እትዛረቦ ዘረባ ወይ ታሪኽ ብቕዓት ከምዘለዎ ከተርኢ ኣሎካ። ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ልምድና ልምዲ ናይ ካልኦትን ናይ ምርሳዕ ሽግር ክህልወና ይኽእል እዩ። እንተድኣ ካልኦት ሰባት ብዛዕባኻ ክምስክሩ ትሓቶም ኬንካ ምስክርነቶም ንጉዳይካ ክንደየናይ ጠቓሚ ምኻኑ ግለጸሎም። IRB-RPD ምስክርነቶም እሙኑን ዘይ እሙንን ምኻኑ መምዩ ብዛዕባኻ ውሳነ ክህብ ምኻኑ ኣፍልጦም። ኣብዘረብኦምን ኣብቲ ጽሑፋትን ወይ ኣብ ዘረባኻን ዘረበኦምን ዘሎ ምግጫው ወይ ዘይምስምማዕ ወይ ካኣ ምምስሳል ከወዳድሮ ምኻኑ ሓብሮም።

ናይ መረጋገጺ ምሳሌ፡

- ናይ ሃገራት ናይ ሰብኣዊ መሰል ግህሰት ሪፖርት ምስቲ ናትካ ኩነታት ዝመሳሰል እንተኾነ ኣረጋግጽ።
- ናይ ሕክምና/ሆስፒታል መዛግብ ቅብሊት እንተሎካ፡
- ናይ ፖሊስ ሪፖርት
- ቁስለት ከርእዩ ዝኽእሉ ፎቶግራፋት
- ኣብ ማሕላ ዝተመርኮሱ ናይ ሰባት ናይ ምስክርነት ጽሑፋት
- ናይ በሰላ ወይ ቁስሊ ዘረጋግጽ ካብ ናይ ካናዳ ዶክተር ዝተጽሓፈ ደባዳብ፡



መርቶዖይ ..

## ኣብ ምናልባሽ ዝተመስረተ ፍርሒ

እቲ ናይ "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ትርጉም ምስ ናትካ ኩነታት ዝኸይድ እንተ ኮይኑ ወይ ከኣ እቲ ትርጉም ናቱ ተማልእ ምኻንካ ንኸተእምን ኣብ ሐቂ ዝተመስረተ ፍርሒ ናይ ግህሰት ኣብ ዓድኻ ከምዝነበረካን ሕጂ እውን ከምዘለካን ከተእምን ኣለካ። IRB-RPD ፍርሓትካ ኣብ ሐቂ ዝተመስረተ እንተኾይኑ ንኽውስን እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት የልዕል።

a. ድሕሪ ካብ ዓድኻ ምውጻእካ ንዓድኻ ተመሊስካዶ ኬድካ ኔርካ?

   (ናይ ሕጊ ሕቶ፡ እንደ ገና ናይ ህላወኻ ምርግጋጽ)

b. ናብ ካናዳ ቅድሚ ምእታውካ ብኻልእ ሰላማዊ ዝኾነ ሃገር (DCO) ናይ ጽግዕተኛ ሕቶ ከይ ሓተትካዶ ሐሊፍካ? (ንኣብነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ)

   (ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ኣብካልእ ከየመልከትካ ምትራፍ)

c. ኣብ ዓድኻ በደል ምስ በጽሓካ ዋላ ናይ ምውጻእ እውን ዕድል እናሃለወካ ኣብ ዓድኻ ጸኒሕካዶ?

   (ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ደንጊኻ ምውጻእ)



d. ኣብ ካናዳ ድሕሪ ምእታውካ ቅድሚ ዑቕባ ምሕታትካ ንቑሩብ ጊዜዶ ጸኒሕካ?

   (ናይ ሕጊ ሕቶ፡ ናይ ዑቕባ ምሕታት ምድንጓይ)

እንተድኣ ናይ ዞም እቶታት እዚኦም መልስኻ እወ ኮይኑ ኣብ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ምኽንያቱ ክትሕተት ኢኻ። ስለዚ ንጉዳይካ ደጋፊ ዝኸውን መረዳእታ ወይ ካብ ዓድኻ ስለምንታይ ቀልጢፍካ ዘይወጻእኻ ወይ ከኣ ኣብ ካናዳ

ምስ አተኻ ስለምንታይ ቀልጢፍካ ከምዘየመልከትካ ብቑዕ ምኽንያት ዘእምን ምኽንያታት ክትእክብ አሎካ አብ ፍርድ ቤት እውን ነቲ ጉዳይካ ዝሓዞ ናይ IRB-RPD አባል (ዳኛ) ክትገልጽ ክትክእል አሎካ። አብ ዓድኻ ዘሎ ኩነታት ክዕረ ክኸውን እዩ ዝብል ተስፋዶ ጌርካ ኔርካ? ዓድኻ ክትለቅቅ ከሎኻ ዘጋጠሙኻ ሽግራት እንታይ ኔሮም? ስለምንታይከ ሽው ንሽው ምስ አተኻ ዑቅባ ዘይሐተትካ?

መርቶዖይ ..

## ናይ ሓባር ስግአት/ጠንቂ

ዝበጽሓካ ሽግር / ጠንቂ ወይ ስግአት ናይ ሓባር ሽግር ዘይኮነስ ብፍላይ ንዓኻ ዘጋጠመካ ስግአት ምኻኑ ከተርኢ አሎካ። ስለዚ እንተድአ ካብ ሓደ ዓዲ ብዙሕ ህውከትን ሽግርን ዘለዎ መጺእካ ብፍላይ ንዓኻ ብዝተፈለይ ከም ዘስግአካ ከተርኢ አሎካ።

ካብ ሕዝባዊ ናዕቢ ዘለዎ ሃገር እንተድአ መጺእካ ናይ IRB መምርሒ ግድን ከተንብብ ኣሎካ www.irb-cisr.gc.ca (civilians facing persecution ዝብል ድለ) ብፍላይ ከኣ በርጌሳውያን ከመይ ዝበለ ናይ ግህሰት ፍርሓት ከምዝሐድሮም። ስለዚ ኣዚ ንዓኻ ከምዝመልከተካን ንዓኻ ብፍላይ ካብዞም ኩሎም ኣብ ስግኣት ዘለዉ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ ንዓኻ ከመይ ከምዝምልከተካ ከተረድእ ክትክእል ኣሎካ።

እንተድኣ ካብ ናዕበኛታት ናይ ተግበርቲ ናይ ወንጀል ትፈርሕ ኬንካ ናይ UNHCR መምርሒ ባዛዕባ መተሓሳሰቢ ናይ ስደተኛታት ሐተቲ ተጠቃዕቲ ናይ መደበኛ ሰራሕቲ ገበን። “www.refworld.org“ (refugee claims victims of organized crimes ኢልካ ድለ)።

ከም መረጋገጺ ንኣብነት፡

- ወይ ናይ ምልክታ ናይ መዝገብ ወይ ከኣ ዝረኸብካዮ ናይ መፈራርሒ ናይ ስልኪ መልእኽቲ፡
- ወይ ከኣ ብማሕላ ዝተረጋገጸ ናይ ካልኦት ሰባት ብፍላይ ከኣ ንስኻ ኣብ ሽግር ወይ ስግኣት ከም ዝነበርካ ክምስክሩልካ ዝኽእሉ፡
- ናይ ስእሊ መረዳእታ ከምዝቐሰልካ ወይ ሓደጋ ከምዝበጽሓካ ዘርኢ፡ ወይ ከኣ እቲ ሽግር ኣብ ሃገርካ ከምዝነበረ ዘርኢ ናይ ሓኪም ወይ ከኣ ናይ ፖሊስ ሪፖርት መረጋገጺ።



- ግህሰት ከምዝበጽሓካ ዘርኢ ብጽሑፍ ዝተዋሃሃደ መረጋገጺ።

መርቶዖይ ..

## መንግስታዊ ሐለዋ፡

ን IRB-RPD ኣብ ሃገርካ ዘሎ መንግስቲ ሓለዋ ከምዘይገብረልካ ኣረድእ ወይ ኣርኢ። ንIRB-RPD ከም ዘይኮነ ዘእምን መርትዖ እንተዘኣቕሪብካ መንግስትኻ ሓለዋ ከምዝገብረልካ እዩ ዝፈልጥ።

እንተድኣ ካብ ሰበስልጣናት ናይ ሃገርካ ሓለዋ ሓቲትካሞ ከህቡኻ ዘይከኣሉ፣

- ቀጥታ እንታይ ከምዝገበርካን እቶም ሰበስላጣናት እንታይ ከምዝመለሱልካን ግለጽ
- ሓለዋ ደሊኻ እንተኔርካ ዝገልጽ ጽሑፍ ከትረክብ ፈትን
- ኣብ ሃገርካ ዘለው ሰበስላጣናት ንኽማኻ ዛመሰሉ ሽግር ዘጋጠሞም ሓለዋ ክህቡ ከምዘይክእሉ ዘርኢ ሪፖርት እንተሎ ኣቕርብ።

እንተድኣ ሐለዋ ካብ ናይ ሃገርካ ሰበስልጣናት ክትረክብ ዘይደለኻ፡

- ስለምንታይ ከምዝኾነን ንኽትሓት ምኽንያት ክህልወካ ከምዘይክእልን ዘርኢ ሓጋዚ ዶኩመንትታት ወይ ጽሑፋት ከተርኢ ፈትን፡

ኣብነታዊ መረጋገጺ፡



- ናይ ሃገራት ሪፖርት ከምዘርእዮ ናይ ፖሊስ ንሰባት ካብ ሽግሮም ናይ ምድሓን ዘይምኽኣልን ወይ ካኣ ኣብ ምዝበራ/ቅሌት ዝተኣልኩ ምኺኖምን፣
- ንፖሊስ ዘመልከትካሉ መረድኢ
- ኣብ ማሕላ ዝተምርኮሰ ናይ ጽሑፍ መግለጺ ናይ ተመሳሳሊ ሽግር ዝነበሮም ሰባት፡

መርቶዖይ ..

## ኣብ ውሽጢ ዓዲ ናይ ምዝውዋር ኣማራጺ፡

እንተድኣ IRB-RPD ኣብ ውሽጢ ሃገርካ ኣብ ካልእ ኣካባቢ ተዘዋዊርካ ክትነብር ትኽእል ኢካ ኢሉ ወሲኑ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ተቐባልነት ኣይከረክብን እዩ። እንተድኣ እዚ ነገር ኣብቲ ናይ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ብ IRB-RPD ተገሊጹ ኣበየናይ ወገን ናይ ዓድኻ ብሰላም ክትነብር ከምትኽእል ክሕብረካ እዩ።



እዚ ዝስዕብ ዝገልጽ መረጋገጺ ከተቕርብ ይግበኣካ፡

a. ኣብዚ ካልእ ዝተጠቐሰ ቦታ ብሰላም ክትነብር ከምዘይትኽእል፡

b. ኣብዞም ኣካባቢታት እዚ ኣቶም (ካብ ዘሎካ ዕድመ፣ ጾታ፣ ወይ ከኣ ካልኦት ነገራት) ወይ ካኣ

c. ናብቲ ቦታ ብዝተፋላለየ ምኽንያት ብውግእ፣ ብናይ ተፈጥሮ ዘይምቅዳው ወይ ካኣ ካልእ ምኽንያት፡ ክትነብር ከምዘይትኽእል፣

ኣብነታዊ መረጋገጺታት፡

- ካብቲ ሽግር ዝነበሮ ቦታ ኣብ ካልእ ቦታ ክትነብር ከምዝፈተንካ ዘርኢ ናይ ጽሑፍ መርትዖ፡
- እቲ ሽግር ኣብ ምሉእ ሃገር መኺኑን ንኣብነት እቶም ክንድኡኻ ዝደልዩ ሰባት ኣብኩሉ ቦታ ይሰርሑ ወይ ዝንቀሳቐሱ እንተኾይኖም ወይ ካኣ እቲ ዝበጽሓካ መድልዎ ኣብ ኩሉ ቦታ ዘሎ ከምዃኑ፡

- ከማኻን ከምዝኸማኻን ዝኣመሰሉ ሰባት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ሓደ ቦታ ተንቀሳቒሶም ስለምንታይ ብሰላም ክነብሩ ከምዘይክእሉ ዘርኢ ሪፖርት። ንኣብነት፣ ኣብቲ እትዛወረሉ ቦት ዘሎ ባህሊ ካብ ናትካ ክም ዝፍለን፤ ከማኻን ከምዝኸማኻን ተዘዋዊሮም ንኽነብሩ ከምዝይክእሉ ዘርኢ መርቶዖ፡ ብኻልእ ወገን ካኣ እቲ ቦታ ክትዛወረሉ እትደሊ ሕዝባዊ ናዕቢ፡ ናይ ተፈጥሮ ሽግራት ወይ ካኣ ካልኦት ዘተሓሳስቡ ሽግራት ከምዘለውዎ ዘርኢ

*ምልክታ፡ ኣብቲ ሓደ ወገን ናይ ዓደይ ዝፈልጦ ሰብ የብለይን ወይ ካኣ ስራሕ የብሉን ዝብል ምኽንያት ከተቕርብ ኣይትኽእልን። እንተድኣ ከምኡ ኮይኑ ብዙሓት ስደተኛታት ናብ ካናዳ መጺኦም ስራሕ ክረኽቡን ከይረኽቡን እውን ኣይፈልጡን እዮም።*

*መርቶዖይ ..*

## ኣብ ካልእ ዓዲ ሕጋዊ መቐመጢ ናይ ምህላው፡

እንተድኣ ናይ ዝተፈላለየ ዓዲ ዜግነት ወይ ከኣ ናይ መቐመጢ ፍቓድ ሃሉዩካ ኣብኩሎም ንኽትነብር ዘስግኣካ ምኽኑ ከተርኢ ኣሎካ። ካናዳ ዑቑባ ክትህበካ እትኽእል እንተድኣ ትርጉም ናይ ስደተኛ ተማልእ ኬንካ ወይ ካኣ ኣብ ክትነብረሎም ዝግበኣካ ሃገራት ሐለዋ ዘድልየካ ሰብ ምስ ትኸውን ጥራሕ እዩ፡፡ እንተድኣ ካናዳ ኣብ ሓደ ዓዲ ብሽግር ምኽንያት ክትነብር ዘይትኽእል ምኻንካ ግን ካኣ ካልእ ብሰላም ክትነብረሉ እትኽል ዓዲ ከምዘለካ ፈሊጡ ጉዳይክ ተቐባልነት ኣይክረክብን እዩ።





ኣብነታዊ መረጋገጺታት፡

- እንተድኣ ካብ ሓደ ሃገር ንላዕሊ ናይ ምንባር መሰል ሃልዩካ ኣብኩሉ ሽነኻት ተመሳሳሊ ሽግር ወይ ግህሰት ከጋጥመካ ከምዝኽእል ከተረድእ ኣሎካ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ሃገር እንታይ ሽግር ከምዘጋጥመካ ሕሰብ፡ ብዛዕብኡ ዝምልከት ብቑዕ መረጋገጺ ከተቕርብ፡
- እንተድኣ IRB-RPD ኣብ ካልእ ዓዲ ናይ ምንባር ክእለት ኣለካ እዩ ዝብለካ ኮይኑ ግን ኣብቲ ዝተብሃለ ዓዲ ክትነብር ከምዘይትኽል ዘረድእ ካብቲ ናይቲ ሃገር መንግስቲ ዝተጽሓፈ ሃሉዩካ፡
- ኣብ ሓደ ዓዲ ተወሊድካ ግን ናይታ ዓዲ ዜግነት ክትወስድ ዘይከኣል ኮይኑ፡ ከዘይካኣል ዘረድእ ናይታ ሃገር ናይ ዜግነት ሕጊ ንIRB-RPD ኣቕርብ። (መብዛሕትኡ ጊዜ እዚ ዓይነት ሓበሬታ ካብ ኢንተርነት ክርከብ ይኽእል እዩ)

*መርቶዖይ ..*

# መረጋገጺ ብዛዕባ ምርካብ




መጀመርያ ኩሎም ዶኩመንትታትካ (ናይ ጽሑፍ ወረቓቕትኻ) ናብ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ ክትርጎሙ ኣለዎም ብድሕሪ'ኡ ንIRB-RPD 10 መዓልቲ ቅድሚ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ክተረክብ ኣሎካ። እንተድኣ ጠበቓ ሃልዩካ ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ከረክበልካ እዩ። ንጠበቓኻ ወረቐትካ መርሚሩ ቅኑዕ ሙኻኑ ንኸረጋግጽ ምእንቲ እኹል ጊዜ ሃቦ። እንተድኣ ጠበቓ ዘይብልካ ካብ 1–10 ዘለዉ ነጥብታት ኣብዝቕጽል ገጻት ተኸታተል።

ንIRB-RPD ኣስማት ናይ መሰኻኽርካ ቅድሚ 10 መዓልቲ ቆጸራ ናይ ፍርድቤትካ ክትህብ ኣሎካ። ብዛዕባ መሰኻኽር ካብ ገጽ 34 ስጋብ 37 ዘሎ ሓበሬታ ርኣ።

**!** እዚ ናይ ጊዜ ወሰን እዚ ከይሓልፈካ ተጠንቀቕ!

## ንጉዳይካ ክሕግዙ ዝኽእሉ ኣድለይቲ ወረቓቕትኻን መረጋገጺኻን ንምርካብ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ተኸታተል፥

**1** ዶክመንትታትካ (ናይ ጽሑፍ ወረቓቕትኻ) ናብ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ ኣተርጉሞም፣ ኣብ ነፍሲወከፍ ትርጉም ናይ ኣተርጓማይ ኣዋጅ ከምዝ ዝስዕብ ክህሉ ኣለዎ።

- ናይ ኣተርጓማይ ሽምን ፊርማን፣
- ኦርጅናል/ዋና ጽሑፍ ናይቲ ዝተተርጎመ፣
- እቲ ትርጉም ቁኑዕ ንምዃኑ ዘረጋግጽ ቃል ናይቲ ኣተርጓሚ፣

**2** ዶክመንትታትካ (ናይ ጽሑፍ ወረቓቕትኻ፣ ብናይ ደብዳበ ወረቐት ልክዕ (8.5 ኢንች ብናይ ፊደል ልክዕ 12) ፕሪንት/ ኣሕትሞም፣ ስካን ግበሮም ወይ ከኣ ፎቶኮፒ ግበሮም

**3** ዶክመንትታትካ (ናይ ጽሑፍ ወረቓቕትኻ) ብሓንሳብ ጠርኒፍካ ካብ ቀደም ተኸተል ናይ ገጽ ቁጽሪ ሃቦም (ንኣብነት 1. 2. 3 . 4. 5 ወዘተ)

**4** መሰነይታ ደብዳበ ሽምካን ኣድራሻኻን፣ ዕለት፣ ናይ IRB-RPD ናይ ፋይል ቁጽርኻን ከምኡውን ዝርዝር ናይቶም ጽሑፋትን መምስ ገጾም ዘለዎ ኣዳሊኻ ኣተሓሒዝካ ኣቕርቦ።

**5** ዶክመንትታትካ (ናይ ጽሑፍ ወረቓቕትኻ ብክልተ ኮፒ ኣባዛሐዮ ሐድ ን IRB-RPD ሓደ ንገዝእ ርእስኻ፣

**6** እንተድኣ ኣማኸርቲ ናይ CBSA ወይ CIC ዝርከቡ ኮይኖም ንዓ'ኣቶም እውን ኮፒ ስለዘድልዮም ከወሃቦም ኣለዎ። እንተድኣ ኣብ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ዝሳተፉ ኮይኖም ኣቕዲሞም ቅድሚ 10 መዓልቲ ቅድሚ ፍርድ ቤት ቆጸራ ብደብዳበ ክሕብሩኻ እዮም።

**7** ሓዶ ኮፒ ናይቲ ዶክመንትታትካ ጥርንፍ ን IRB-RPD ብኮሬር (ዘተኣማምን ዝተመዝገበ ናይ መከታተሊ ቁጽሪ ዘለዎ ፖስታ) ጌርካ ልኣኮ። እንተድኣ ብተራ ፖስታ ክትልእኮ ወሲንካ ምእንቲ ቀልጢፉ ከበጽሕ ቅድሚ 17 መዓልቲ ቆጻራ ፍርድ ቤትካ ክኸውን ኣለዎ ። እንተድኣ እቲ ዶኩመንትካ/ናይ ጽሑፍ ወረቓቕትኻ ካብ 20 ገጽ ንታሕቲ ኮይኑ ብፋክስ እውን ክትልእኮ ትኽእል ኢኻ

IRB-RPD
300 West Georgia Street, Suite 1600
Vancouver, BC V6B 6C9
ተሌፎን : 1-866-787-7472 ፋክስ : 604-666-3043

ካብ ሶኑይ ስጋብ ዓርቢ ካብ ንጉሆ 8:00 ስጋብ 4:00 ድሕሪ ቀትሪ

**8** እንተድኣ ዶኩመንትኻ (ናይ ጽሑፍ ወረቐትካ) ብኮሬር ልኢኽካዮ ቅብሊት ናይቲ ዝሰደድካሉ እንተድኣ ብፋክስ ልኢካዮ ከምዝበጽሐ ዘረጋግጽ ወረቐት ንመርትዖ ከተቐምጥ ኣሎካ።

**9** እንተድኣ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ ኣብ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ዝሳተፍ ኮይኑ ሓደ ኮፒ ናይቲ ዶኩመንትኻ ወይ ናብ CBSA ወይ ካኣ CIC በቲ ደብዳበ ዝሰደዱልካ ኣድራሻ ተጠቀምካ ልኣኽሎም፡ ከምኡውን ብደብዳበ ን IRB-RPD ንCBSA ወይ ካኣ ንCIC ጽሕፈት ቤታት ናይ ዶኩመንትኻ ኮፒ ብደብዳበ ከምዝለኣኽካሎም ክትሕብር ኣሎካ።

**10** ናብ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ክትመጽእ እንኮለኻ ንጉዳይካ ዝምልከት ኩሉ ጽሑፋትካ ኦርጅናል ኮነ ግልባጥ ሒዝካዮ ምጻእ።

---

**?** ዶኩመንትታተይ/ናይ ጽሑፍ ወረቓቕተይ ንኽተርጉም ግድን ፍቓድ ዘሎዎ ኣተርጓሚዶ የድልየኒ?

ፍቓድ ዘለዎም ኣተርጎምቲ ይምረጹ እዮም፣ ይኹን ድኣምበር ክትከፍል እንተድኣ ዘይትኽእል ኬንካ ብሓደ እትኣምኖ ሰብ (ዘመድካ እንተዘይ ኮነ ይምረጽ) ከተተርጉሞ ትኽእል ኢኻ። እዚ ሰብ እዚ ነቲ ዝተርጎሞ ቅኑዕን ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰን ንምኻኑ ክፍርም ኣለዎ።

**?** እንተድኣ ቅድሚ ናይ ጊዜ ወሰነይ ወይ ካኣ ናብ ፍርድ ቤት ምቕራበይ ዘድልየኒ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ዘይረኸብኩኸ?

መኣስ ዶኩመንትኻ ከምዝበጽሕ ን IRB-RPD ብደብዳቤ ሓብሮም፣ ብዝቐልጠፈ ጊዜ ኣረክቦ፣ ንኽትረኽቦ ክንደይ ጻዕሪ ከምዝገበርካን እዚ ዶኩመንት ክንደየናይ ንጉዳይካ ጠቓሚ ከምዝኾነን ሓብሮም።

# ንጉዳይካ እናተዳለኻ ክምኡውን ጥዕናኻ ምሕላው የድሊ

> " ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ብጣዕሚ እጭነቕ ኣለኹ ድቃስ እውን ኣይወስደንን. ትጽቢት ንገዛእ ርእሱ ጭንቂ እዩ። "

*- ሳማን ዝተብሃለ ፣ ናይ ቀድም ናይ ስደተኛ ጸግዒ ኣመልካቲ*



ንመብዛሕትኦም ሰባት እቲ ጊዜ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ሰምዐ ቆጸርኦም ብጣዕሞ ኣሸጋሪ እዩ። ካልኦት ከማኻ ዝኣመሰሉ ኣመልከትቲ ጥዕነኦም ንኽሕልዉ ዝገብርዎም ልምዲ ተኸታተል።

"ሽግር ኣየጋጥመንን እዩ ብምባል ትዕግስቲ ገይሩ ግዛናጋዕ ፈቲነ"

- ኣሕመድ..

"ኣብ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ኣብቲ ክፍሊ ናይ ፍርድ ቤት ኮፍ ኢለ ኣሸገርቲ ዝኾኑ ሕቶታት ክምልስ ከለኹ ብግምት ተራኢዩኒ"

- ማርያ

"ደጋጊም ብምጽላይ ትዕግሲ ንኽገብር ሓጊዙኒ"

- ቻን ጂን ዩ

"እንታይ ከምዘጋጥመኒ ብዝርዝር ክዝግክር ፈቲነ፣ ደጋጊመ ምስ ሓሰብኩሉ እንታይ ከምዝኾነ ብዝርዝር መጺኡለይ"

- በኖት

" ሙዚቃ ኣዘውቲረ እሰምዕ ነይረ መጽሓፍቲ እውን የንብብ ነይረ"

- መዲን

"ብስካይፕ ገይረ ንቤተሰበይ የዛርቦም ነይረ"

- ሞሓመድ

"ነብሰይ ከስርሖ ፈቲነ፣ ናይ እንግሊዝ ቋንቋ እከታተል ነይረ ከምኡውን ናብ ኮሚኒቲ ሰንተር ብምኻድ ተዛናጊዐ"

- ዳዊት

"ንጉዳየይ ክሕግዙኒ ዝኽእሉ መረጋገጺታት ብዝተኸኣለኒ መጠን ክእክብ እጽዕር ኔረ እዚ ኻኣ ሓደ ቁም ነገር ዘለዎ ስራሕ እሰርሕ ከምዝነበርኩ ተሰሚዑኒ"

- ክላውድ

"ምሕምባስን ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ኣካል ምንቅስቓስን እገብር ነረ"

- ቪክቶርያ

"ናይ ነጻ ኣገልግሎት ስራሕ ረኺበ፣ ንሱኻኣ ጊዘይ ኣሕሊፋለይ ድሕን ከኣ ተሰሚዑኒ"

- ተስፋዬ

"ኣብ መርበብ ናይ እንተርነት እርኢ ነረ ብዛ'ዕባ መርስሕ ናይቲ ፍርድ ቤት ውዕሎ እኹል ሓበሬታ ረኺበ"

- ጀጋትራቫጋን

"ካብ ክፍለይ ንደገ ወጺኤ። ኣብ ክፍለይ ንበይነይ ከለኹ ዓቕሊ ጽበት እዩ፣ ብዛዕባ እቲ ጉዳየይ ብዙሕ እሓስብ ነይረ"

- ሃና

"ብእግረይ ክጓዓዝ ከለኹ ሕቶታት ከመይ ከምዝምልስ እለማምድ እገብር ነረ"

- ሳራ

ጥዕናይ ንኽሕሎ ዝተኸተልኩዎም መንገድታት:

# ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራ መዓልቲ፡ (ፍርድኻ ዝስመዓሉ)

**ናይ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ቀንዲ ናይ ጉዳይካ መስርሕ እዩ። ምድላው ኣብ ትገብረሉ ጊዜ ብዛዕባ ናይቲ ፍርዲ መዓልቲ ዝግበር ብዙሕ ሕቶታት ይህልዉኻ ይኾኑ፡**

ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ኣበይ እዩ ዝስማዕ?

Immigration and Refugee Board – Refugee Protection Division Canada Place – Conference Centre
9th Floor, 9700 Jasper Avenue NW
Edmonton, Alberta

(ብሸንኽ ምብራቕ ናቲ ህንጻ እቲ ኣብ ማእከል ዘሎ ናይ መስትያት ኤለቨተር ውሰድ)

መኣስ እየ ኣብኡ ክበጽሕ ዘሎኒ?

እንተወሓደ ካብ 15–30 ደቒቕ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት እትኣትወሉ። እዚ ኻእ እቲ ናይ ፍርድ ቤት ክፍሊ ንኽትረኽብ፣ ምስ ኣተርጓሚኻ ንኽትዘራረብን ክትረዳዳእን፣ ሽቓቕ ንኽትጥቀም፣ ምድላው ንኽትገብር እኹል ጊዜ ይህበካ፣ እንተድኣ መሰኻኽር ወይ ካኣ ተዓዘብቲ ሃልዮሙኻ 15 ደቒቕ ኣቐዲሞም ክርከቡ ኣለዎም።

ኣብቲ ናይ ፍርድ ቤት መነመን ይህልዉ?



- ናይ ፍርድ ቤት ሓላፊ (ብቪድዮ) (ሓላፍነቱ፡ ናይ ፍርዲ ወሳኒ ክፍሊ)
- ተዓዘብቲ፣ እንተድኣ ደሊኻ ተዓዛባይ ኣካል ናይ ቤተሰብ ወይ ዓርኪ፡ክተዕድም ትኽእል ኢኻ። ወኪል ናይ UNHCR እውን ክሳተፍ ይኽእል እዩ። (UNHCR) ኣብ ናይ ፍርድ ቤት ስመ'ዐ ክሳተፍ ይኽል እዩ።
- ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ ወኪል ካብ CBSA ወይ ከኣ CIC ሓደ ሓደ ጊዜ ይሳተፉ እዮም ዝመጹ እንተኾይኖም ኣቐዲሞም ክሕብሩኻ እዮም።
- ኣተርጓሚ፡ ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ክርከብ እዩ። (ዝጻወቶ ሓልፍነት፡ መንጎኛ)
- ጠበቓኻ፡ ብዛ'ዕባ ጉዳይካ ይከራኸረልካ። (ገጽ 9 ጠበቓ እንተዘይብልካከ ዝብል ተኸታተል)
- ንስኻ፡

ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ንኽንደይ ስዓት ይጸንሕ?

መብዛሕትኡ ጊዜ ን3፥5 ሰዓታት ኣቢሉ ይጸንሕ። ጉዳይካ ቤተሰባዊ እንተኾይኑ ወይ ካኣ ፍሉይ ዝኾነ ነገር ዘድልየካ እንተኾይኑ ሙሉእ መዓልቲ ክወስድ ይኽእል እዩ።

ኣብ ፍርድ ቤት ስምዐ ውዕለይ እንታይ እዩ ዘጋጥም?

1. መእተዊ፡ እቲ ዳኛ ኩሎም ዝተረኽቡ ሰባት የፋልጥ፣ ሓቂ ንኽትዛረብ ንኽተረጋግጽ ሕቶ ክቐርበልካ እዩ፣ እንተድኣ ብሃይማኖትካ ክትምሕል ደሊኻ ናይ ሃይማኖትካ መጽሓፍ ቅዱስ ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ፡

2 ናይ መግለጺ/መለለዪ (exhibit) ዝርዝር፡ እቲ ዳኛ ነቶም መርትዖ ዝቐረቡ ኩሎም ዶኩመንትታት ናይ መግለጺ/መለለዪ ቁጽሪ ክህቦም እዩ። ብወገንካ ኮፒ ናይቲ ዶኩመንትካ ምስ መለለዪ ቁጽሩ ከም ዝህልወካ ርግጸኛ ኩን። እንተዘይብልካ ኸኣ ኮፒ ክህበካ ነቲ ዳኛ ሕተቶ። እቲ ዳኛ ነቶም ዘምጻ'እካዮም ኦርጅናል ወረቓቕትኻ እውን ክሪ'ኦም እዩ።

3 ሕቶታት፡ እቲ ዳኛ፣ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ፣ (እንተድኣሃለዩ) ጠበቓኻ (እንተድኣ ሃሉዩካ) ብዛዕባ ታሪኽካ፣ ብዛዕባ ዘቕረብካዮም ዶኩመንታት (ጽሑፋት) ከምኡውን ብዛዕባ ምስ ጉዳይካ ዝኸይድ ናይ ሕጊ ኩነታት ክሓቱን ክዝትዩን እዮም።

4 መሰኻኽር፡ እንተድኣ መሰኻኽር ኣለውኻ ኮይኖም ቀጺሎም ክዛረቡ እዮም። መሰኻኽር ስጋብ ተጸዊ'ዖም ኣድላይ መርትዖ ዘቕርቡ ኣብ ደገ ክጸንሑ ኣለዎም። (ገጽ 34 ተመልከት)

5 ሐሳብ/ኣስተያየት፡ ኣብ መጨረሽታ ናይቲ ስመ'ዐ ፍርዲ እቲ ዳኛ ንዓኻን ንጠበቓኻን ብቓልኩም ስለምንታይ እዚ መርትዖ እዚ ትርጉም ናይ "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ወይ ከኣ "ከለላ/ዑቕባ ዘድልዮ ሰብ" ዘማልእ ምኻኑ ክትገልጹ ክሓተኩም እዩ።

6 ውሳነ፡ ኣብ መጨረሻ እቲ ስምዐ ፍርዲ እቲ ዳኛ ናይ መጨረሻ ውሳነ ብቓሉ ክህብ ይኽእል እዩ። ወይ ካኣ ንምውሳን ተወሳኺ ጊዜ ዘድልዮም እንተኾንይኑ ውሳነኦም ብጽሑፍ ክገልጹልካ እዮም። እቲ ውሳነ በቲ ኾነ በቲ እንደገና እቲ ብጽሑፍ ("ናይ ውሳነ መፍለጢ") እውን ክወሃበካ እዩ።

*ኣብ መንጎ እቲ ስምዐ ፍርዲ ቁሩብ ናይ ዕረፍቲ ጊዜ ናይ መናፈሲ ወይ ሻሂ እትሰትየሉ ጊዜ ክህሉ እዩ።*

እቲ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ (ናይ CIC ወይ ካኣ CBSA ወኪል) ኣብ ናተይ ፍርዲ ምስታፉ ንምንታይ እዩ?

እቲ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ (ወኪል ናይ CIC ወይ ካኣ CBSA) ኣብ ፍርድ ቤት ስምዐ ጉዳይካ ክሳተፍ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ወኪል ናይቲ ሚኒስተር ዝሳተፍ ኮይኑ ኣቐዲሙ ብደብዳበ ክንገረካ እዩ። ኣብቲ ደብዳበ፡ እቲ ወኪል ዝሳተፍ እንተኾይኑ ወይ ካኣ ዶኩመንት ጥራሕ ፋይል ዝገብር እንተኾይኑ ክሕብሩኻ እዮም። እቲ ዘቕርቦ ዶኩመንት ብጥንቃቐ ከተንብቦ ኣሎካ; እቲ ሚኒስተር ዘቕረብካዮ ታሪክ ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ኣይኮነን ኢሉ ክከራኽር ይኽእል እዩ። እንተድኣ ናይቲ ሚኒስተር ወኪል ኣብቲ ስምዐ ዝሳተፍ ኮይኑ ኑሱ ወይ ንሳ ናይ ስደተኛ ጸግዒ ክወሃበካ የብሉን ኢሎም ክካራኸሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ ወኪል ናይ ሚኒስተር ንጉዳይካ ንዝተፋላለየ ምኽንያት ክቃወሞ ይኽእል እዩ። ትዛረቦ ሓቅነት የብሉን ክብለካ ይኽእል፣ ብዛዕባ ማንነትካ

ሕቶ ክህልዎ ይኽእል፣ ወንጀል ዝፈጸምካ ኢኻ ወይ ከኣ ኣብ ናይ ቴረሪስት ኣባል ወይ ስራሕ እትሳተፍ ኢኻ ክብለካ ይኽእል፣ ወይ ካኣ ብኻልእ ክጥርጥረካ ይኽእል እዩ። ነቲ ናይ ሚኒስተር ጽሕፈት ቤት እንተድኣ ኣቐዲሙ ዘይተገለጸልካ ኮይኑ ስለምንታይ ኣብ ጉዳይ ፍርድ ቤት ናትካ ክሳተፉ ከምዝደለየ ምኽንያቶም ኣቐዲምካ ሕተቶም ወይ ካኣ ክትፈልጥ ፈትን።


| | |
|---|---|
| ናብ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጸራይ እንታይ እንታይ ክምጽእ ኣሎኒ? | ናይ BOC ቅጥዕኻ፣ ኩሎም ኦርጅናል ወረቓቕትኻን ካልኦት ከም መርትዖ ኢልካ ን CBSA ወይ ን CIC ውይ ን IRB-RPD ዘቕረብካዮም ዶኩመንትታት። ብተወሳኺ ኩሉ ዶኩመንት እቲ መንግስቲ ንካናዳ ካብ ዝኣተኻሉ መዓልቲ ጀሚሩ ዝጽሕፈልካ ዝነበረ ደብዳቤታት ወዘተ ሒዝካዮ ምጻእ። |
| ናይ ፍርድ ቤት ስምዐይ ሚስጢራዊ ድዩ? | ናይ ኩሉም ስደተኛታት ናይ ፍርድ ቤት ስምዕታ ብምስጢር ዝተሓዙ እዮም። እዚ ማለት ካኣ ኩሉም ኣብ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ዝሳተፉ ሰባት እቲ ኣተርጓሚ ሓዊሱ ኣብ ፍርድ ቤት ዝሰምዑዎ ንማንም ከካፍሉ ኣይፍቀደሎምን እዩ። |
| እንተድኣ እቲ ኣተርጓማይ ዝብሎ ዘይተረደ'ኣኒ ወይ ካኣ እቲ ኣተርጓማይ ጌጋ ዝፈጸመ መሲሉ እንተተራእዩኒ? | ኣብቲ ስምዐ ፍርዲ እንተድኣ እቲ ኣተርጓማይ ጌጋ ዝፈጸመ ኮይኑ ተሰሚ'ዑካ ወይ ካኣ እቲ ኣተርጓማይ ዝብሎ ዘይተረዳ'ኣካ ኮይኑ ነቲ ዳኛ ንገሮ። እንተድኣ እቶም ተዓዘብቲ እቲ ኣተርጓማይ ጌጋ ምፍጻሙ ተዓዚቦም ኣብ ጊዜ ዕረፍቲ ወይ ካኣ መወዳእታ ስምዐ ፍርዲ ነቲ ጠበቓኻ ክነግሩዎ ኣለዎም። እንተድኣ እቲ ኣተርጓማይ ቃልካ ብጌጋ ተርጊምዎ፡ ስጋብ መጨረሻ በቲ ትርጉም እትዓግብ እቲ ኦርጅናል/ናይ መጀመርያ ቃልካ ደጊምካ በሎ ወይ ካአ ብዝተፈለየ ቃላት ደጊምካ እቲ ሓሳብ ኣቕርቦ። እንተድአ ሕጂ እውን በቲ ትርጓሜ ዘይ ዓገብካ ነቲ ዳኛ ሓብሮ። |
| መሰኻኽር ከምጽእ ይፍቀደለይ ድዩ? | እወ! መሰኻኽርካ ብግሎም፣ ብተሌፎን፣ ብቪድዮ ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ካኣ መሰኻኽር ከምተቕርብ ን IRB-RPD ቅድሚ 10 መዓልቲ ስምዐ ፍርድኻ ብደብዳበ ክትሕብሮም ኣሎካ። ንIRB-RPD (ከምኡውን ናይ ሚኒስተር ተወከልን እንተድኣዝሳተፉ ኮይኖም) ናይቶም መሰኻኽር መራኻቢ ሓበሬታ፣ እቶም መስከርቲ ኣበይን ብኸመይን ከምዝፈልጡኻ (ቤተሰብካ፣ ኣዕሩኽ፣ ወይ ናይ ኮሚኒቲ ተቛም መራሕቲ ወዘተ)፣ ናታቶም መርተዖ ክንደየናይ ንጉዳይካ ከምዝሕግዞ፣ ምስክርነቶም ብስልኪ ድዮም ወይ ብኣካል፣ ክንደይ ሰዓት ከም ዝወስዱ። እንተድኣ ናይ በዓል ሞያ ምስክር (ብዛዕባ ናይ ሃገርካ ኩነታት መጽናዕቲ ዝገበረ ወይ ኣብ ጽንዓት ዝተመስርኮሰ ፍልጠት ዘሎዎ) ሰብ ተቕርብ ኬንካ ብዛዕባ እቲ እተቕርቦ ሰብ ፍልጠትን ናይ ትምህርቲ ደረጃን መብርሂ ከተቕርብ ኣሎካ። ኩሎም መሰኻኽር ስጋብ ተጸዊ'ዖም ዝኣትዊ ካብቲ ፍርድ ቤት ክፍሊ ወጻ'ኢ ክጸንሑ ኣለዎም። እንተደ'ኣ መሰኻኽርካ ብስልኪ ዝመስክሩ ኮይኖም ንምድዋል ክጥዕም ኣቐዲሙ ሕሳብ ዝተኸፈሎ ናይ ነዊሕ ጉዕዞ መደወሊ ካርድ ሒስካ ክትመጽእ ኣሎካ። |
| ኣዕሩኸይ ከምጽእ እኽእልዶ? | እወ፡ ግን እንተድኣ ከም መሰኻኽር ዘይተመዘገቡ ኣብናትካ ኩነታት ዋላ ፍልጠት ይሃልዎም ክዛረቡ ኣይክእሉን እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ስምዐ ፍርዲ ምስጢራዊ ምኻኑ ተገንዚቦም ምስ ካልኦት ሰባት ክካፈልዎ ከምዘይእሉን ቃል ክኣትዉ ኣለዎም፣ ወረቐት ክፍርሙ ኣለዎም። |

| | |
|---|---|
| እንታይ ማለት እዩ እንተድኣ "ተገሊልካ" ኢኻ ኢሎሙኒ? | እዚ ማለት በቲ ዘመልከትካዮ ብቑዕ ኣይኮንካን ማለት እዩ። ንኣብነት .... ዋላኳ ኣብ ሃገርካ ሽግር ከምዘለካ ፍሉጥ እንተኾነ ካብ ካናዳ ወጻኢ ብዝሰራሕካዮ ወንጀል ወይ ካኣ ካልእ ሃገር ብሰላም ከም ዜጋ ወይ ከምተቐማጣይ ክትነብሩሉ እትኽእል ሃልዩካ ክትግለል ትኽእል ኢኻ። ምግላል ብጣዕሚ ከቢድ እዩ። እንተድኣ እዚ ነገር እዚ ክህሉ ኮይኑ ኣቐዲሙ ቅድሚ ናብ ፍርድ ቤት ምቕራብካ እውን ክሕበረካ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ምግላል ክህሉ ይኽእል እዩ ኢሉ IRB-RPD ሓቢሩካ ምእንቲ ንጉዳይካ ክሕግዝ ዝኽእል ብቁዕ ተወሳኺ ሓበሬታ እትእክብ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ክቕየር ሓድሽ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራ ንኽወሃበካ ሕተት። እዚ ኻኣ ሓድሽ ናይ መከራኽሪ ሓሳብ ወይ ካኣ IRB-RPD ዘእምን ሓሳብ ሒስካ ክትመጽእ ይሕግዘካ። |
| ደቀይ ኣብቲ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ከምጸኦም ይፍቀደለይ ድዩ? | እንትድኣ ኣናእሽቱ ሕጻናት ኣብ ቅጥዕኻ ዘእተኻዮም ቆልዑ ኣለውኻ ኮይኖም ሒዝካዮም ምእንቲ ክልለዩ ሒዝካዮም ክትመጽእ ኣሎካ። ምስተ ለለዩ ምናልባት እቲ ዳኛ ካብቲ ክፍሊ ክለቁ ክገብር ይኽእል እዩ። ምሳኻ ሓደ ሰብ ስጋብ ናይ ፍርድ ቤት ውዕሎኻ ዝፍጸም ክሕዘልካ ዝኽእል ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ። |
| እንታይ ክኽደን ኣሎኒ? | ኣብ መዓልቲ ቆጸራኻ ንዓኻ ባህ ዝብለካን ዝጥዕመካን፣ ዝምችወካን ኣብቅድሚ ሰብ ክቕርበካ ዝኽእልን ክዳን ክትክደን ትኽእል ኢኻ። ክዳንካ ጽሩይን ኣብዚ ኣድላይን ቀንድን ዝኾነ መዓለትኻ እንታይነትካ ከረጋግጽ ዝኽእልን እንተኾነ ይምረጽ። |
| ናይ ፍርድ ቤት ስምዐይ ክቕዳሕ (record) ይኽእልዶ? | እወ፣ ድምጽኻን መስርሕ እቲ ናይ ውዕሎ ፍርድ ቤትን ብማይክሮፎን ይቕረጹ እዮም፣ እንተድኣ ኣድላይ ዘይኮነ ውሳነ ተዋሁቡካሞ እቲ ዳኛ ዘቕረብካዮ መርትዖ ኣይተረድኦን ኢልካ ትሓስብ ኬንካ ኮፒ ናይቲ ቅዳሕ ንIRB እንተሓቲትካ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ስምዐ ፍርድ ቤት እንታይ ከምዝተብሃለ ንምርዳ'እ የኽእለካ። |
| እንተድኣ ሕርቃን ተሰሚዑኑ ወይ ካኣ ምብካይ ጀሚረኸ? | ሽግር የብሉን፣ ብዙሓት ስደተኛታት ኣብ ናይ ፍርድ ቤት ስምዕኦም ክበኽዩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጊዜ ስምዐ ፍርድኻ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ሕርቃን ክስመዓካ ጀሚሩ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ባዕልኻ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡....<br>• 3 ወይ 4 ዓሚቕ እስትንፋስ ምግባር<br>• ማይ ምስታይ (ማይ እንተዘየሎ ሕተት)<br>• ንሓጺር እዋን ዕረፍቲ ሕተት |

---

* ዘክር፡ እዚ መዓልቲ እዚ ናትካ መዓልቲ እዩ። ስለዚ ብዝተኽኣለ መጠን ከም ዝምችወካ ክትገብርን ክትረጋጋእን ክትዘናጋዕን የድልየካ።

# ናይ ምስማዕ ምድላው ትሕዝቶ፡




ምእንቲ ንናይ ፍርድ ቤት ናይ ቆጸራ ውዕሎኻ ክሕግዘካ እዞም ዝስዕቡ ናይ መቆጻጸሪ ናይ መዝገብ ተርታ ተኸተል። እዚ ተርታ እዚ ምስ ጠበቓካ (ጠበቓ እንተሎካ) ኬንካ እንደገና መርምሮ።

- [ ] ምስ ጠበቓይ ተራኺበ (ጠበቓ እንተ ኣልዩኒ) ንናይ ፍርድ ቤት ውዕሎይ ኣጸቢቐ ተዳልየ ኣለኹ።

- [ ] ኩሎም ዘድልዩኑ ዶኩመንትታትን መርቶዖታተይን፣ ናይ ማንነት ወረቐትን (ኩሎም ዶኩመንትታተይ፣ ቪድዮ፣ ናይ ጋዜጣ ጽሑፋት ወዘተ) ናብ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ ኣተርጊመ ቅድሚ 10 መዓልቲ ቆጸራ ናይ ፍርድ ቤተይ ንIRB-RPD ኣረኪበ ኣለኹ።

- [ ] እንተድኣ ሓዲሽ ነገር ኣጋጣሚ ተረኺቡ ሓደሽቲ መርትዖታት ረኺበ 10 መዓልቲ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ናብ እንግሊዝ ወይ ካኣ ፈረንሳይ ቋንቋ ኣተርጉመ ኣረኪበ ኣለኹ።

- [ ] እንተድኣ IRB-RPD ተወሳኺ ሓበሬታ ክልእኽ ሓቲቱኑ እቲ ዘድሊ ዶኩመንት ኣተርጉመ ኣረኪበ ኣለኹ።

- [ ] ናይ BOC ቅጥዐይ ደጋጊመ ኣንቢበዮ ኣለኹ። ዝመላእኩዎ ኩሉ ቅኑዕን ዝተማልኣን ሙኻኑ ኣረጋጊጸ ኣለኹ። እንተድኣ ጌጋ ወይ ካኣ ዝርዝሩ ዘይተማልአ ረኺበ ንIRB-RPD ሓቢረዮም ኣለኹ ከምኡውን ንጠበቓይ (ጠበቓ እንተልዩኒ)።

- [ ] ናይ "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ወይ "ናይ ሓለዋ ዘድልዮ ሰብ" ሕጋዊ ትርጉም ደጋጊመ ኣንቢበዮ ኣለኹ። *(ገጽ 20–21 ርኣ)* ከምኡውን ኩሉም ንጉዳየይ ዝመልከቱ ናይ ሕጊ ኩነታት *(ገጽ 23–27 ተመልከት)*

- [ ] ኩሎም ንናይ ስደተኛ ፍርድ ቤት ዘድልዩኒ ሒዘዮም ዝኸይድን ወረቓቕቲ (ኦርጂናል ናይ ማንነት ወረቐት፣ናይ ዘረክብኩዎም ኦርጅናል ወረቓቕቲ፣ ቅዳሕ ናይ BOC ናይ CIC ቅጥዕታትን፣ ከምኡውን ቅዳሕ ካብ CBSAን CICን ዝተጸሓፉለይ ደብዳቤታት ካልኦት ዶኩመንትን)

- [ ] ኣሽማትን ናይ መራኸቢ ሓበሬታን ናይ ኩሎም መሰኻክረይ ኣብ ፍርድ ቤት ብኣካልን ብቴለፎንን ዝምስክሩ ቅድሚ 10 መዓልቲ ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራይ ንIRB-RPD ሂበዮም ኣለኹ *(ገጽ 34 ተመልከት)* ንኹሎም መሰኻኽረይ ኣብ ናተይ ፍርድ ቤት ውዕሎ እንታይ እንታይ ክምዝግበር ነጊረዮም ኣለኹ። ናታቶም ምስክርነት ከንደየናይ ንናይ ፍርድ ቤት ጉዳየይ ኣድላዩ ምኻኑን። ብተወሳኺ እቲ ዳኛ ምስክርነቶም ክንደየናይ ምስቲ ኣነ ዘቕረብኩዎ መርቶዖታት ብሓደ ዝኸይድን ዝቀራረብን ከምኡውን ተኣማንነት ዘለዎ ምኻኑ ክሓቶም ክምዝኽእል ነጊረዮም ኣለኹ። ከምኡ ድማ መሰኻኽረይ እቲ መዓልቲ ቆጸራ፣ ሰዓትን ኣድራሻን ናይቲ ፍርድ ቤት ሓቢረዮም ኣለኹ።

- [ ] ኣብ ናይ ፍርድ ቤት ውዕሎይ ዝሕግዘኒ ሞራል ዝህበኒ ተዓዛባይ ከምጽእ ከምዝኸል እፈልጥ እየ (ዓርኪ፣ ቤተሰብ፣ ወይ ሓጋዚ ሰብ)። እንተድኣ ተዓዛባይ ክዕድም ወሲነ እቲ ናይ ፍርድ ቤት ኣድራሻን፡ ዕለትን ጊዜን መኣስ መኻኑ ሓቢረዮም ኣለኹ።

- [ ] ቆልዑ ክሕዙለይ ዝኽእሉ ሰባት ኣዳልየ ኣለኹ(ቆልዑ እንተድኣ ሃልዮሙኒ)። ኣብ መጀመርያ ናይቲ ስምዐ ፍርድ ቤት ኣባል ናይ IRB-RPD ክሪኦም ከምዝደሊ እፈልጥ እየ

- [ ] ንናይ ፍርድ ቤት ስምዐይ ተዳልየ ኣለኹ። ናብ ሃገረይ ንኸምለስ ስለምንታይ ከም ዘፍርሓኒ ናይ ሕቶን መልስን ልምምድ ምስ ጠበቓይን ምስ ቤተሰብ ኣባልን ዓርከይን ገይረ ኣለኹ።

---

? *መዓልቲ ፍርድ ቤት ቆጸራይ መዓልቱን ሰዓቱን ብድንገት ምኽንያት ክልውጦ እንተደለኹኸ?*

ንስኻ ወይ ጠበቓኻ ናይ ግድነት፡

- ቅድሚ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ሰለስት ናይ ስራሕ መዓልቲ ንIRB-RPD ብደብዳብ ሓብሮም፡
- ንIRB-RPD ኣብ ውሽጢ ናይ 10 መዓልቲ ናይ ቅድም ቆጸራኻ ናይ ሰለስት ዝተፈላለዩ ኣማረጽቲ መዓልታት ሃቦም።
- እንተድኣ ምኽንያትካ ናይ ሕማም ኮይኑ ካብ ዶክተርካ ናይ ሕክምና ሰርቲፊኬት ኣቕርብ። ናይ ዶክተር ወረቐት እንተዘይረኺብካ ብደብዳብ ስለምንታይ ክትረክብ ከምዘይ ከኣልካ ሓብሮም። እንተድኣ ዘይመለስሉልካ ኣብቲ ዝተብሃለካሉ ናይ መጀመርያ መዓልቲ ናብ ፍርድ ቤት ቆጽራኻ ኪድ። እንተድኣ ዘይኬድካ ግን ኣብ "ፍሉይ ቃልመሕትት ኣኺባ" ክትሳተፍ ኣሊካ ። ኣብዚ ቃልመሕትት ኣኺባ እዚ ጉዳይካ ክንጸግ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ናይቲ ሚኒስተር ኣማኻሪ (ተወካላይ ናይ CIC ወይ CBSA) እውን ኣብቲ ናይ መጀመርያ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራ ክርከቡ ነይሮምም እሞ'ኸኣ እንተድኣ እቲ መዓልቲ ተቐይሩ ን IRB-RPD ዝሰደድካዮ ቅዳሕ ደብዳብ ከምዝተቐየረ ንምሕባር ክላኣኽሎም ኣለዎ። ንIRB-RPD እውን ነቲ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ ከምዘፍለጥካዮ ብደብዳበኻ ክትሕብሮም ኣሎካ።

# ድሕሪ ናይ ምስማዕ ፍርድ ቤት፡




## ኣወንታዊ መልሲ፡

እንተድኣ ኣወንታዊ ውሳነ ረኺብካሞ እቲ ሚኒስተር እውን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ እግባይ እንተዘይበለ ናብ CIC ኬድካ ንናይ ሕጋዊ መቐመጢ ፍቓድ (ፐርማነንት ረሲደንስ ካርድ) ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ንበዓል ቤትካን/ቤትክን ደቅኻን/ደቅኽን ኣብ መመልከቲኺ ፎርም/ቅጥዒ ከተእትውዮም/ከተእትዎም ትኽእል ኢኻ/ኢኺ።

ዝተወሰኑ ናይ ሰባት ጉጅለ DFN ምኻኖም ክንገሮም ይኽእል እዩ። እንተድኣ ካብ ወገን ናይ DFN *(ትርጉም ናይ DFN ገጽ 40 ርኣ)* ኬንካ ቅድሚ ንናይ ኩሉ ጊዜ ናይ መቐመጢ ፍቓድ ምምልካትካ ን5 ዓመት ክትጸንሕ ኣሎካ። ቅድሚ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ቆጽራኻ CBSA ወይ ካኣ CIC ኣቐዲሞም ክሕብሩኻ እዮም።

ካብ ካናዳ ወጻኢ ንጠበቓኻ ከየማኸርካ ኣይትግሽ። እንተድኣ ካብ ካናዳ ወጻኢ ክትገይሽ ደሊኻ ናይ ስደተኛ ፓስፖርት(Refugee Travel Document) ከተውጽእ ኣሎካ። ፓስፖርት ንምምልካት ኣብ መርበብ www.ppt.gc.ca ኣቲኻ Forms ዝብል ድሕሪ እሞ Travel Document Applications ኣብ ዝብል ጠውቕ።

## ኣሉታዊ ውሳነ፡

እንተድኣ ኣሉታዊ ዝኾነ ውሳነ ተዋሂቡካ ብዛ'ዕባ ዘለካ ካልእ ኣማራጺታት ምስ ጠበቓኻ ተመኻኸር።

- እንድሕር ደሊኻ ብድሌትካ ካናዳ ለቒቕካ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ፣
- እንተድኣ ናይ እግባይ ምባል መሰል ሃልዩካ ናብ ናይ ካናዳ ናይ ስደተኛ ቦርድ ናይ ስደተኛታት ክፍሊ እግባይ (IRB-RAD) እግባይ ክትብል ትኽእል፣
- እንተደኣ እግባይ ናይ ምባል መሰል ዘይብልካ ናብ ናይ ፌደራል ኮርት (ፌደራል ፍ/ቤት) ናይ ጉዳይካ ውሳነ እንደገና ክርኣ ከተመልክ ትኽእል ኢኻ።

## እንተድኣ እቲ ናይ ኣሉታዊ ውሳኔ ናይ IRB-RPD ናብ IRB-RAD እግባይ ክትብል ኬንካ፡

- ናይ ጠበቓ ሓግዝ ክትረክብ ጠበቓ ክትረክብ ኣሎካ፡ ምኽንያቱ ኸኣ እቲ መስርሕ ዝተሓላለኸን ብዙሕ ጊዜ ዝወስድን ስለዝኾነ። እንተድኣ ጠበቓ ዘይረኸብካ ኣብ ገጽ 44 ዘለዉ ወኪላት (agencies) ንኽሕግዙኻ ተወከሶም።
- ውሳነ ምስ ረኸብካ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ን IRB-RAD እግባይ ክተመልክት ኣሎካ፣ ካብዚ ቀጺሉ ኣብ ውሽጢ ካልእ 15 መዓልቲ እቲ ጉዳይካ መሚኻ ጨሪስካ ናይ እግባይ ወረቐትካ መሊ'እካ ክተእቱ ኣሎካ።
- እንተድኣ እግባይ ኢልካ ስጋብ ካብ IRB-RAD ውሳነ ዝወሃበካ ኣብ ካናዳ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።
- መብዝሕትኡ ጊዜ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ኣይክህሉን እዩ። እቲ ውሳነ ዝወሃብ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ክኸውን ከሎ ኣብቲ ዘቕረብካዮ ናይ ጽሑፍ መርቶዖታትን ዝሓለፈ ክርክራትን መሰረት ብምግባር እዩ።
- እንተድኣ እቲ IRB-RAD እግባይ ዝበልካዮ ነጺግዎ ናብ ናይ ፈደራል ፍ/ቤት ናይ ሕጊ ክፍሊ ክተመልክ ትኽእል ኢኻ፣ ቀሪቡ ከኣ እቲ ውሳነ ብናይ ሕጊ ዓይኒ እንደገና ክምመ ይኽእል። ሕጂ እውን ስጋብ ናይ መጨረሻ ውሳነ ዝወሃበካ ኣብ ካናዳ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።

## እንተድኣ IRB-RAD ከተመልከት መሰል ዘይብልካ ኬንካ ናብ ናይ ፈደራል ፍ/ቤት ናይ ሕጊ ክፍሊ ንናይ ጉዳይካ (ብIRB-RPD ዝተወሰነ) ውሳነ ብናይ ሕጊ ዓይኒ ኣንጻር እንደገና ንኽርኣ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

- እዚ ኮይኑ ግን ካብ ጠበቓ ሓገዝ ንምርካብ ጠበቓ ክትረክብ ኣሎካ፣ ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ውስብስብ ዝበለን ነዊሕ ጊዜ ዝወስድን ስለዝኾነ።
- ናብ ናይ ፈደራል ፍ/ቤት እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበካ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ከተመልክት ኣሎካ።
- እንተድኣ ብናይ CBSA ናይ ዓዲ ምልቃቕ ምስርሕ ንምጅማር ተጸዊ'ዕካ ቀልጢፍካ ንጠበቓኻ ሓብሮ። ናብ ናይ ፈደራል ፍ/ቤት ስጋብ ጉዳይካ ናይ መጨረሻ ውሳነ ዝረክብ ትጸንሓሉ ፍቓድ ንምርካብ ከተመልክት ኣሎካ።

---

ናይ ፈደራል ፍ/ቤት ኣድራሻ ንምርካብ ናብ መርበብ http://cas-ncr-nter03.cas-satj.gc.ca/portal/page/portal/CAS/locations_eng እቶ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ IRB-RAD እግባይ ምባል፡ ናብ መርበብ www.irb-cisr.gc.ca/Eng/RefApp/Pages/RefApp.aspx ብምእታው ርኣ።

---

ናብ IRB-RAD እግባይ ንኽብል መሰል ኣሎኒዶ?

ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ንጠበቓኻ ምምኻር ብጣዕሚ ኣድላይ እዩ. እንተድኣ ጠበቓ ዘይብልካ ኣብቲ ናይ ነጻ ጠበቓታት ናይ ምኽሪ ክሊኒክ ዝርዝር ኣብ ገጽ 44 ናይዚ መምርሒ ዘሎ ብምድላይ ካብ ጠበቓ ወይ ካኣ ናይ ጥብቅና ተምሃራይ ኣድላይ ምኽሪ ክትረክብ ኣሎካ።

ሓድ ሓድ ናይ ስደተኛ ጸግዒ ኣመልከትቲ ናብነት እንተድኣ ካብ DCO ዓድታት ወይ ካኣ DFN ዝኾኑ ከምኡውን IRB-RPD ጉዳዮም ተኣማኒ ወይ መሰረት ዘይብሉ (“Manifestly Unfounded” or “No Credible Basis”) ኢሉ ዝመደቦም ኣመልከትቲ ናይ እግባይ ናብ IRB-RAD እግባይ ናይ ምምልካት ዕድል የብሎምን።

ኣብ መንጎ እግባይ ማለትን ናይ ሕጊ ጥሕሰት ግምገማን ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ?

ኣብ እግባይ ማለት እቲ ውሳነ ውሃቢ ኣባል ናይ IRB-RAD ክኸውን እንከሎ ኣብ ናትካ ውሳነ እንደገና ሓዲሽ ውሳነ ክህብ ዝኽእል እዩ። ኣብ ናይ ሕጊ ክለሳ ግን እቲ ውሳነ ውሃቢ ናይ ፈደራል ፍ/ቤት ዳኛ ኮይኑ እዚ ማለት ካኣ እቲ ኣብ IRB-RPD ዝነበረ ወሳኒ ዳኛ ናይ ሕጊ ጌጋ እንተድኣ ፈጺሙ ኮይኑ እዩ። እንተድኣ እቲ ዳኛ ናይ ሕዚ ጌጋ ረኺቡ እንደገና ጉዳይካ ብ IRB-RPD ከም ብሓድሽ ክርኣ ይውስን።

እንተድኣ ናይ እግባይ ማለት መሰል ሃልዩካ ናብ ናይ ሕጊ ክለሳ ዳኛ ቅድሚ ምምልካትካ ናብ IRB-RAD ከተመልክት ኣሎካ።

# መግለጺታት

| | |
|---|---|
| ዝተገደፈ/ዝተረሰዐ ውከሳ | እንተድኣ ናይ BOC ቅጥዕኻ እተረከበሉ ናይ ጊዜ ወሰን ሓሊፉ ወይ ካኣ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ዘይተጠቐምካሉ IRB-RPD ጉዳይካ ክነጽግ ይኽእል ማለት እዩ። እዚ ማለት ካኣ ናይ ጸግዒ ሕቶ ውክሳኻ ዋላ ንዳሕራይ እውን እንተኾነ ክትቅጽል ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ። እንተድኣ ጉዳይካ ተነጺጉ እንደገና ፋይልካ ክኽፈተልካ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ ግን ክትረትዓሉ ዘይትኽእል፣ ብጣዕሚ ከቢድን ኣሸጋርን እዩ። |
| ብፍላይ ዝተለለዩ ናይ ትውልዲ ሃገራት (DCO) | እዚ ማለት ኣብ ናይ CIC ዝርዝር ከም "ስላማውያን ሃገራት" ተባሂለን ዝተመደባ ሃገራት እየን። (እዘን ሃገራት እዚኣተን ብመብዛሕትኡ ጊዜ ስደተኛታት ከፍርያ ዘይክእላ እንታይ ድኣ ናይ ሰብ ድሕንነትን ሰብኣዊ መሰል ዘኽብራን ናይ መንግስታዊ ሓለዋ ዝህባን ሃገራት እየን። ከም ኣብነት ከም በዓል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ከምኡውን መብዛሕትኣን ናይ ኢሮጳ ሃገራትን። ካብዚኣተን ዝመጹ ኣመልከትቲ ናቱ ዝኾነ ናይ መስርሕ መንገዲ ዘለዎ ፍሉይ ሕጊ ዝኽተል እዩ። ናይ ሕጂ ኣብ ዝርዝር DCO ዘለዋ ሃገራት ክትፈልጥ እንተደሊኻ ናብ መስርሕ www.cic.gc.ca ኣቲኻ (DCO ዝብል ቃል ብምድላይ) ርኣ። |
| ብፍላይ ዝተለለዩ ናይ ወጻኢ ዜጋታት (DFN) | እዚኣቶም ዘጠቓልሉ ናይ ካናዳ መንግስቲ ናብ ካናዳ ኣተኣታትወኦም ሕጊ ዘይኽተለ ውስብስብ ብዘይተለመደ መንግዲ ዝኾነን እዩ። ስለዚ ከምዚ'ኦም ዝኣመሰሉ ኣመልከቲ ባዕሉ ዝኸኣለ ሕጊ ዘለዎ ናይ ስደተኛ ሕቶኦምን ናይ ቤት ማእሰርትን ኣሰራርሓ መስርሕ ዝኽተል እዩ። |
| ዝተመደበ ወኪል፡ | ዕድሜኦም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ወይ ካኣ ካብኡ ንላዕሊ ኮይኖም ግን ናይ ምርድዳእ ወይ ካእ ናይ ስደተኛታት ኣገባብ መስርሕ ወይ ኣመሰኻኽታ ዘይፈልጡ ስለዚ ናዞም ክፋል ናይ ስደተኛታት ወይ ቆልዑ ሓላፍነት ወሲዱ ንኽርኢ ወይ መሰሎም ብሓላፍነት ክሕልወሎም ብIRB-RPD ዝተመዘዘ/ዝተመርጸ ሓላፊ ሰብ ማለት እዩ። እዚ ሰብ እዚ መብዛሕትኡ ጊዜ ንወላዲ ክኸውን ከሎ ይኹን ዳኣምበር ሓደ ሓደ ጊዜ እውን ናይ ቤተሰብ ኣባል ወይ ካኣ ዓርኪ ወይ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ክኸውን ይኽእል። |
| ዝተወገደ ሰብ፡ | ከም "ኮንቨንሽን ስደተኛ" ወይ "ሓለዋ ዘድልዮ ሰብ" ዘይቁጸር፡<br><br>ንኣብነት፣-<br><br>• ካብ ካናዳ ወጻኢ ዘተሓሳስብ ወንጀል ዝፈጸመ<br><br>• ሓደ ሰብ ካብ ሓደ ሃገር ንላዕሊ ብሰላም ክነብረሎም ዝኽእል ናይ ዜግነት ወይ ንኽሉ ጌዜ ክነብረሉ ዝኽእል መንበሪ ሃገር ዘለዎ። |

**ናይ ምቅልጣፍ መስርሕ፡**

ናይ ሓደ ስደተኛ ናይ ጸግዕነት ውከሳ ጉዳይ እንተድአ IRB-RPD ብዘይ ናይ ፍርድ ቤት ምስማዕ ክውሰን ከምዝኽእል ወሲኑ እቲ ስደተኛ ንጉዳዩ አብ ፍርድቤት ምስማዕ ምቕራብ አየድልዮን እዩ። እንተድ ነዚ መስርሕ ትበቅዕ ኬንካ IRB-RPD አቐዲሙ ክሕብረካ እዩ። ነዚ መን ብቁዕ ምዃኑን መስፈርቱን ንምፍላጥ አብዚ ዝስዕብ መርበብ አቲኻ ተረዳእ። www.kinbrace.ca/rhp-guide/updates

**ምንክልባት/ምንግልታዕ፡**

እዚ ቃል እዚ ስፍሕ ዝበለ ትርጉም ሃልይዎ ናይ ብርቱዕ ዝኾነ ጉድኣት ወይ ማህሰይቲ ዘብጽሕ ኮይኑ፣ ናይ ደቂ ሰባት ሰብኣዊ መሰላት ዝጥሕስ ተኸታታልነት ዘለዎ ብተደጋጋሚ ዝፍጸም እዩ። ናይ ሕጊ ትርጉሙ ውስብሰብ ዝበለ ክኸውን ከሎ እንታይ ምዃኑን ንዓኻ በየናይ ትርጉሙ ከምዝምልከተካን ንጠበቓኻ ሕተቶ። ምስቀይቲ፣ ማህረምቲ፣ናይ ሞት ምፍርራህ፣ ብሓይሊ ናይ ምምካን፣ ብሓይሊ ናይ ምግራዝ፣ ብሓይሊ ናይ ምምርዓው፣ ምስ በደል ዘይተተሓሓዘ ናይ ፖለቲካ ሰባት መስቀይቲ፣ ከምኡውን ኣግዲድካ ምድፋር ዝኣመስሉ ናይ ምንክልባት ምሳለ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

**ፉሉይ ምስማዕ**


እንተድኣ ናይ ስደተኛ ጽግዕተኛ/ዑቕባ ፍ/ቤት ምስማዕ ውከሳኻ “ተኸልኪሉ” ኣብ ካልእ ዝተፈለየ ኣኼባ “ፉሉይ ምስማዕ” ክትሳተፍ ኣሎካ። እዚ ማለት ከኣ እንተድኣ ናይ BOC ቅጥዕኻ ኣብቲ ዝተብሃልካዮ ጊዜ ዘየቕረብካዮ ወይ ካኣ ናይ ፍርድ ቤት ቆጸራኻ ኣሕሊፍካ። ናብ ናይ “ፉሉይ ምስማዕ” እትቐርበሉ ዕለት ኣብቲ ኣብ መጀመርያ ናይ ስደተኛ ዑቕባ ውከሳኻ ጊዜ ዝወሃብካ ናይ “ምልክታ ናብ ምስማዕ ኣትቐርበሉ” ዕለት ደብዳበ ተመዝጊቡ ኣሎ።

**ጽጉም/ሰንኮፋይ ሰብ፡**

ኣብ ሰንኮፍ ዘሎ ሰብ ማለት ብሓደ ፍሉይ ምኽንያት ኣብ መዓልታዊ ናብርኡ ናይ ምስማዕ ሽግር ዘለዎ፣ ስለዝኾነ ኻኣ ፍሉይ ኣገባብ ዘደልዮ ማለት እዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ብሕማም፣ ብእርጋን፣ ብዘሕለፍዎ ሕማቕ/በደል ተመክሮ ምኽንያት ዝተጸገሙ ክኾኑ ይኽእሉ፣ ብዛዕባ ዘሕለፍዎ ክገልጹ ሽግር ዘለዎም እዮም። ንኸመይ ዝኣመሰለ ናይ ለውጢ ኣገባብ ትጽበ? ንኣብነት ኣንተድኣ ተጨኒቕካን ተደናጊርካን ንዝተደጋገመ ዕረፍቲ ትሓትት ትኸውን፣ እንተድኣ ጓል ኣንስተይቲ ናይ መውስቦ በደል ተመክሮ ዝገጠማ ኮይና ወይ ካኣ ፍልይ ዝበለ ካልእ ንወዲ ተባዕታይ ክትገልጾ ዘይትኽእል ኣልዩዋ፣ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ንጉዳያ ክትርእየላ እትኽእል ንጓል ኣንስተይቲ ዳኛ ከምኡውን ንጓል ኣንስተይቲ ኣተርጓሚትን ትሓትት ትኸውን። እንተድኣ ዝሓለፈ ናይ መስቀይቲ ተመክሮ ሃልዩካ ኮይኑ ምናልባት ናይ ከምኡ ዓይነት ወይ ፍሉይ ስሜዒት ዘለዎ ዳኛ ክትሓትት ትኽእል።

እንተድኣ ከምዚ ዓይነት ተመክቶ ዘለካ ሰብ ኬንካ ከይደንጎኻ ወይ ባዕልኻ ወይ ጠበቓኻ ን IRB-RPD ክትሕብሩ ኣለኩም። ስለዚ ሓላፍነቱ ን IRB-RPD ንሃቦሞ እንታይ ዓይነት ኣገባብ ወይ ለውጢ ገይሩ ንዓኻ ኣብቲ ናይ ፍ/ቤት ናይ ጽግዕተኛ ሕቶ ስምዐኻ መስርሕ ምእንቲ ብዘይ ጸገም ጉዳይካ ከተቕርብ ዝገብሮ ለውጢ ንርኣ። ሓደ ሓደ ጊዜ እውን ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሽግር ብደብዳበ ናይ ሓኪም ሓገዝ የደሊ ይኸውን። እንተድኣ IRB-RPD ጽጉም/ሰንኮፋይ ምኻንካ ፈሊጡ ምእንቲ ሽግርካ ብዘይ ጸገም ክትገልጽ ፍልይ ዝበለ ምድላው ክገብር ይኽእል እዩ።

# ናይ መንግስቲ ተቓማት፡



ኣብዚ ናይ ስደተኛ ዑቕባ ሕቶ ሰለስተ መንግስታዊ ተቓማት እዮም ዝሳተፉ። IRB-RPD፣ CIC፣ CBSAን ክኾኑ ከለዉ ኣድራሻ ናይ ገዛ ወይ ስልኪ ቁጽርኻ እንተድኣ ለዊጥካ ንነፍሲ ወከፎም ሓድሽ ናይ ገዛኻን ስልኪ ቁጽርኻን ከተፍልጦም ኣሎካ። ሓድሽ ቁጽርኻ ብጽሑፍ ከተፍልጦም እንከሎኻ፣ ንIRB-RPD እንተኾይኑ ምሉእ ሽምካን ናይ IRB ፋይል ቁጽርኻ ከምኡውን 8 ፊደላት (8 digit number Client ID or UCI) ዝሓዘ ናይ ዑቕባ ምስ ኣመልከትካ ዝወሃበካ ናይ ፋይል ቁጽርን ብምሕዋስ ኣፍልጦም። ን CIC ወይ ን CBSA እንተኾይኑ 8 ፊደላት (8 digit number Client ID or UCI) ዝሓዘ ናይ ዑቕባ ምስ ኣመልከትካ ዝወሃበካ ናይ ፋይል ቁጽርን ብምሕዋስ ኣፍልጦም።

ናይ ካናዳ ናይ ፍልሰትን ስደተኛታትን ቦርድ ክፍሊ ስደተኛታት ድሕንነት፡

**Immigration and Refugee Board of Canada – Refugee Protection Division (IRB-RPD)**

ናይ ስራሕ ሓልፍነት ምስ ጉዳይካ ዝተተሓሓዘ፣

- መሰረት ናይ ዑቕባኻ ፋይልካ (BOC) ይምርምር፣
- ናይ ስደተኛ ፍርድ ቤት ስምዐ የዳሉ ወይ የካይድ፣
- ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣግባባዊ እዩ ኢሉ ናይ ምቕባልን ወይ ካኣ ኣግባብ የብሉን ኢሉ ናይ ምንጻግን ውሳነ ይህብ፣
- ናይ ድልውነት ሓበሬታ ነቲ ናይ ስደተኛ ፍ/ቤት ስምዐ ትምህርታዊ ሓበሬታ (Provides Orientation) ይህብ;

ናይ መራኸቢ ሓበሬታ፡

Immigration and Refugee Board of Canada
Refugee Protection Division
300 West Georgia Street, Suite 1600
Vancouver, BC V6B 6C9

ናይ ቢሮ ሰዓታት፡ ካብ ንጉሆ 8:00 ስጋብ 4:00 ናይ ኣጋ ምሸት ካብ ሶኑይ ስጋብ ዓርቢ

ተሌፎን፡ 604-666-5946 ወይ ከኣ 1-866-787-7472
ፋክስ፡ 604-666-3043
መርበብ ሓበሬታ፡ www.irb-cisr.gc.ca

ናይ ካናዳ ናይ ዜግነትን ፍልሰትን

**Citizenship and Immigration Canada (CIC)**

ናይ ስራሕ ሓልፍነት ምስ ጉዳይካ ዝተተሓሓዘ፡

- ኣብ ውሽጢ ካናዳ እንተድኣ ናይ ስደተኛ ዑቕባ ሕቶ ኣመልኪትካ ሓላፍነት ወሲዱ ናብ ስራሕ ዝትርጉምን ከምኡውን ዑቑባ ንኽትሓትት ብቑዕ ምኻንካ ዘረጋግጽን ዝውስንን፣
- እንተድኣ ከተመልከት ብቑዕ ምኻንካ ኣረጋጊጹ ሕቶኻ ናብ IRB-RPD የቕርብ፣
- ንጉዳይካ ተቓውሞ ብምግባር ደብዳበ ወይ ካኣ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ ወኪል ብዛዕባ ጉዳይካ ንምክርኻር ኣብቲ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ጉዳይካ ክሳተፍ ይኽእል።

ተወሳኺ ሓላፍነት፡

- ናይ ስራሕ ፍቓድን ግዝያዊ ናይ ፌደራል ናይ መሐከሚ ድሕነት ፍቓድን የዳሉ።

ናይ መራኸቢ ሓበሬታ፡

Citizenship and Immigration Canada
9700 Jasper Avenue, Suite 240 Canada Place
Edmonton, AB T5J 4C3

ናይ ቢሮ ሰዓታት፡ ካብ ንጉሆ 8:00 ስጋብ 4:00 ናይ ኣጋ ምሸት ካብ ሶኑይ ስጋብ ዓርቢ
ናይ CIC ተሰፎን፡ 1-888-242-2100
መርበብ ሓበሬታ፡ www.cic.gc.ca

ናይ ካናዳ ናይ ወሰን/ቦርደር ኣገልግሎት ወኪል፡

**Canada Border Services Agency (CBSA)**

ናይ ስራሕ ሓልፍነት ምስ ጉዳይካ ዝተተሓሓዘ፣

- ብኤርፖርት እንተድኣ ኣቲኻ እሞ ካኣ ናይ ስደተኛ ዑቕባ ሕቶ ኣመልኪትካ ሓላፍነት ወሲዱ ናብ ስራሕ ዝትርጉምን ከምኡውን ዑቑባ ንኽትሓትት ብቑዕ ምኻንካ ዘረጋግጽን ዝውስንን፣
- እንተድኣ ከተመልከት ብቑዕ ምኻንካ ኣረጋጊጹ ሕቶኻ ናብ IRB-RPD የቕርብ፣
- ንጉዳይካ ተቓውሞ ብምግባር ደብዳበ ወይ ካኣ ናይ ሚኒስተር ኣማኻሪ ወኪል ብዛዕባ ጉዳይካ ንምክርኻር ኣብቲ ናይ ፍርድ ቤት ስምዐ ጉዳይካ ክሳተፍ ይኽእል።

ተወሳኺ ሓላፍነት፡

- ናይ ካናዳ ናይ ሃገር ወሰን ሓለዋ ይገብር ከምኡውን መን ክኣቱን ክወጽእን ከም ዝኽእል ይውስን፣
- እንተድኣ ናይ ስደተኛ ጽግዐ ሕቶኻ ኣሉታዊ መልሲ ረኺቡ ንስኻ እትባረረሉ ኩነታት የማዓራሪ።
- እንተድኣ ማንነትካ ከረጋግጽ ዘይከኣለ ንኽኣስረካ መሰል ኣለዎ፣ እዚ ማለት ካኣ እንተድኣ ንካናዳን ሕዝባን ኣብ ሓደጋ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ ዝብል እምነት ሃልዩዎ፣ ወይ ካኣ ናይ ካናዳ ናይ ኢሚግሬሽን ሕጊ ጉዳይ ከተማልእ ኣይትኽእልን ዝብል እምነት ሃልዩዎ፣ (እንተደኣ ተኣሲርካ ናይ ጠበቓ ምሕታት መሰልካ እዩ፣ ካብኡ ሲዒቡውን ንኽትፍታሕ ብዛዕባኻ ስምዐን ዝርርብን ይካየድ)

ናይ መራኸቢ ሓበሬታ፡

Canada Border Services Agency
10345-104 Street NW
Edmonton, AB T5J 1B9

ናይ ቢሮ ሰዓታት፡ ካብ ንጉሆ 8:00 ስጋብ 4:00 ናይ ኣጋ ምሸት ካብ ሶኑይ ስጋብ ዓርቢ
ተሰፎን፡ 1-800-461-9999
መርበብ ሓበሬታ፡ www.cbsa-asfc.gc.ca

# ፍልፍል (ነዚ ጽሑፍ እዚ ሂወት ክህብዎ ዝኽእሉ ምንጭታት)

## *ሕጋውነት*

ኣልበርታ ናይ ሕጊ ሓገዝ **(Legal Aid Alberta)**
Revillon Building
10320 102 Avenue, Suite 300
1-866-845-3425
www.legalaid.ab.ca
*ናይ ሕጊ ሓበሬታን ምኽርን፣ ውክልናን ንዝግበኦም ዑቑባ ሓተቲ ስደተኛታት ይህብ።*

ናይ ኦታዋ ዩኒቨርሲቲ ናይ ስደተኛ ሓገዝ ፕሮግራም
**(University of Ottawa Refugee Assistance Program)**
ccrweb.ca/en/uorap
*ዑቑባ ንኽትሓትት ዘድሊ ናይ ምርትዖ ሓበሬታታት ንኽትእክብ ዝሕግዝ።*

ናይ ኤድመንተን ኮሚኒቲ ናይ ሕጊ ማእከል
**(Edmonton Community Legal Centre)**
10115 100A Street, Suite 200
780-702-1725
www.eclc.ca
*ንግቡኣት ጸግዒ ሓተትቲ ስደተኛታት ነጻ ናይ ሕጊ ሓበሬታን ምኽርን ዝህብ።*

## *ናይ ኮሚኒቲ ወኪላት*

ናይ ኤድመንቶን ናይ ሓደስቲ መጻእቲ ናይ መኖናይት ማዕከል
**(Edmonton Mennonite Centre for Newcomers)**
11713 82 Street
780-424-7709
www.emcn.ab.ca
*መሰርታዊ ዝኾኑ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎትን ከምኡውን ንዑቑባ ሓተቲ ኣድላይ ረጃሒታትን ይህብ*

ተግባር ንጥዕና ማሕበረ-ኮማት
**(Action for Healthy Communities)**
10554 110 Street, Suite 101
780-944-4687 ext 222
www.a4hc.ca
*መሰርታዊ ዝኾኑ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎትን ከምኡውን ንዑቑባ ሓተቲ ኣድላይ ረጃሒታትን ይህብ*

ናይ ካቶሊኽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት
**(Catholic Social Services)**
10709 105 Street
780-424-3545
www.catholicsocialservices.ab.ca
*ንዑቑባ ሓተቲ መሰርታዊ ዝኾኑ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎትን ሓበሬታን ከምኡውን ናብ ሓደ ሓደ ናይ ኮሚኒትታት ፍልፍል ኣድላይ ረጃሒታትን ይህብ*

ናይ ኮሚኒቲ ቁልጡፍ ኣገልግሎትን መረጋግኢ ጋንታ
**(Community Urgent Services and Stabilization Team)**
780-342-7777
www.albertahealthservices.ca/services.asp?pid=service&rid=4903
*ንናይ ኣምሮ ሕማም ወይ ካኣ ዝመሳሰል ሽግር ዘለዎም ሰባት ናይ 24 ሰዓት ናይ ድንገታዊ ኣገልግሎት ይህብ።*

ናይ ኤድመንቶን ናይ ፈለስቲ ኣገልግሎት ማሕበር
**(Edmonton Immigrant Services Association)**
10720 113 Street, Suite 201
780-474-8445
www.eisa-edmonton.org
*መሰርታዊ ዝኾኑ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎት ይህብ። ናይ ጽሑፍን ቃልን ናይ ትርጉም ኣገልግሎት፣ መዳላዊ ትምህርቲ (Orientation) ንናይ መስርሕ ናይ ዑቑባ ሓተቲ ስደተኛታት ከምኡውን ንዑቑባ ሓተቲ ስደተኛታት ኣድለይቲ ሓበሬታን ረቝሓታትን ይህብ።*

መተሓሳሰብየይ

ኣብዚ መርበብ እዚ www.kinbrace.ca ብምኻድ እዚ መምርሒ እዚ ኣምብብዎ (ኤድመንቶን፣ ኣልበርታ) በዞም ዝስዕቡ ቛንቛታት;

- እንግሊዝ
- ፈረንሳ
- ስፓንሽ
- ሶማሊ
- ትግርኛ

ንኹሎም ናይ ፕሮጀክትና ሽርካታት ንዘይሕለል ምትሕብባሮም ብጣዕሚ ነመስግን።

ከምኡውን ንኹሎም ከኢላታት (ስደትኛታት፤ ጠበቓታት፤ ውሃብቲ ኣገልግሎት ከምኡውን ካልኦት) ምሉእ ሓይሎምን ጊዜኦምን ዝወፈዩ፤ ግብረመልሲ ዝሃቡን፤ እዚ ናይ ስደተኛታት ስምዐ ፍ/ቤት መምርሒ ምእንቲ ክድንፍዕን ክጸረን ፈጠረኦም ተጠቒሞም ዘድሊ ኩሉ ዝገበሩ ምስጋና ይብጽሓዮም።

kinbrace
REFUGEE HOUSING & SUPPORT

ኪንብረይስ ንሓደስቲ ዑቑባ ሐተትቲ ስደተኛታት እናተቐበለ መንበሪ ገዛ፤ ናይ መእተዊ ሓበሬታዊ ትምህርቲ፤ ኣድላይ ኩሉ ቕራቦትን ትምህርትን ይህብ። ስራሕና ኣብ ርክባውን ክንክናውን ኣገልግሎት ዝተመስረተ እዩ።

ብ 2015 ብኪንብረይስ ማሕበረ-ኮሚኒቲ ዝተዳለወ።

ሓላፍነት ብዝምልከት፡ ኣብ ጊዜ ሕትመት ናይዚ መምርሒ ኩሉ ኣብዚ መምርሒ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ እዩ። ይኹን ደኣምበር ውዒሉ ሓዲሩ ካብ ጊዜ ብዝሓለት ኣብ ዝግበር ናይ ሓበሬታ ለውጢ ሓልፍነት ከምዘይንወስድ ክንሕብር ንፈቱ።

ኣዋሃሃዲ፡ ኣንድርያ ኣርምስትሮንግ